# ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ዝመርሖ ቁልጡፍ ቀረብ ፅሩይ ማይ፣ ፅርየት ውለቀን ከባብን (ኮዋሽ)፡ ምዕራፍ III

**(ነሓሰ 2008 ክሳብ ሓምለ 2011)**

## መምርሒ ስልጠና መሪሕነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ምሕደራ ኮሚቴ ዋሽ

**ምያዝያ 2010**

**ኣዲስ ኣበባ**

**ትሕዝቶ**


1 **መእተዊ ክፍለ ግዜ**

1.1 መእተዊ ንጥፈት ... 3

1.2 መቐለ ዕዮ(ሓላፍነታ ምክፍፋል) ... 3

1.3 ምሕንፃፅ ዉሸጠ ደምቢ ጉጅለ ... 3

1.4 መእተዊ ንጥፈት ... 4

2 **ድሕረ ባይታ** ... 4

2.1 ፕሮጀክት ኮዋሽ ... 4

2.2 ቅደመ ሳዓብ ኣተገባብራ ሜላ ማዘፐ ... 5

2.3 ግደን ሓላፍነትን ኮሚቴ ዋሽ ኣብ ሜላ ማዘፐ ... 9

2.4 ምኽንያት ኣድላይነት ምሕያል ዓቅሚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኮሚቴ ዋደሽ ... 10

2.4.1 ክለሳ ተዛመድቲ ፀሑፋት ... 10

2.4.2 ደቂ ኣንስትዮ ... 11

3 **ተሳትፎ ማሕበረሰብን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን** ... 13

3.1 ተሳትፎ ማሕበረሰብ ... 13

3.2 ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ... 15

4 **ኣምር መሪሕነት ብብርኪ ኣብ ማሕበረሰብ** ... 16

4.1 ኣምር መሪሕነት (Concept of Leadership) ... 16

4.2 ሜላታት መሪሕነት (Leadership Styles) ... 18

4.3 4.3 ዓሰርተ መለለዪ ባህርያት ዓበይቲ መራሕቲ ማሕበረሰብ ... 19

5 **ክእለታት መሪሕነት (Leadership Skills)** ... 21

5.1 ክእለት ምርድዳእ ... 21

5.1.1 ክእለት ምድማፅ (Listening Exercise) ... 21

5.1.2 ኣብ ጉጅለ ክረአ ዘለዎ ... 23

5.2 ኣብ ኣረዳድኣ ዘሎ ኣፈላላይ ምግንዛብ ... 24

5.2.1 ናይ ገዛ መልመዲ ... 24

5.2.2 ኢ (E) ጨዋታ ... 24

5.3 ናይ ደቂሰባት ናይ ባህሪ ኣፈላላይ ምርዳእ ... 25

5.3.1 መልመዲ ብዙሕ ግደ ... 25

5.3.2 ዉልቀን ናይ ሓበራን ነቐፌታ ... 26

5.4 ፅግዕተኝነትን ዓርሰ ምኽኣልን ... 26

5.4.1 ናይ ሩባ ኮድ ... 26

5.5 ምፍጣር ምትእምማን ... 27

5.5.1 ለምምድ ፀወታ ድንሽ ... 27

6 **ቀሊል ዉሳነ ምሃብ** ... 28

6.1 ዉሳነ ኣወሃህባ መንገድታት ... 29

6.2 ዉሳነ እብ ምሃብ ዘጋጥሙ ፈተነታት ... 30

7 REFERENCES ... 32

**ብዛዕባ እዚ መምርሒ**

እዚ መምርሒ ዓቕሚ መሪሕነት ኮሚቴ ማሕበረሰብ ዝመርሖ ቁልጡፍ ቀረብ ፅሩይ ማይ ፅርየት ውለቀን ከባብን ንምዕባይ ዝተዳለወ እዩ። ዕለማ ኮዋሽ ካብቲ ኮታዊ ኣባልነት ደቃንስትዮ ኣብ ኮሚቴ ማሕበረሰብ ዝመርሖ ቁልጡፍ ቀረብ ፅሩይ ማይ፣ ፅርየት ውለቀን ከባብን ማለት ዉን 50% ብዝዘለለ፣ ብቕዓት መሪሕነት ደቃንስትዮ ብፍላይ ከዓ ደቃንስትዮ ናብ ኣዶወንበርነት ንምምፃእ እዩ። ብርግፅ እዚ መምርሒ ንክልቲኡ ፆታ ዘገልግል እንትኾን እቲ ስልጠና ብፍላይ ኣብ ደቂኣንስትዮ ልዑል ፅልዋ ክህልዎ እዩ።እዚ መምርሒ ስልጠና ንሓደሽቲ ተጣየሽቲ ወይ እዉን መርኣያ ተሞክሮ ንዘለዎም ኮሚቴታት ንምስልጣን ከገልግል ይኽእል።ኣስፊሕኻ እንትረአ ከዓ ንመራሕቲ ትካላት ማሕበረሰብ ንምስልጣን እዉን ከጠቅም ይኽእል።

## 1 መእተዊ ክፍለ ግዜ

ሀ/ ኣብ ታሕቲ ንኡስ ክፍልታት 1.1 ክሳብ 1.4 ንዘለዉ ንጥፈታ ዝደለ ግዜ፡ 1 ሰዓት
ለ/ ዝድለ ናዉቲ፡ ፍሊፕ ቻርት፣ ማርከር፣ ካርድታት፣ ፕላስተርን ስፒላትን
ሐ/ ኣቀማምጣ ፡ ተሳተፍቲ ቅድሚ ሕዚ ምስዘይፈልጥዎ ሰብ ንክቕመጡ ንሓብር፡፡ናይ ሀ ቅርፂ (ዙርያ) ሰሪሖም ኩሎም ተሳተፍቲ እናተራኣእዩ ዝቕመጥሉ ኣሰራርዕ እንተኾነ ይምከር፡፡

### 1.1 መእተዊ ንጥፈት

መሳለጢ/ት ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና ኣብ ጥቕኦም/አን ምስ ዝተቐመጡ/ጣ ንክላለዩ፡ ሽሞም/መን ፣ ካበይ መምፀኦም/አን፣ ኣበይ ከምዝሰርሑ/ሓ፣ ብኸመይን ንምንታይን ኣበቲ ስልጠና ከምዝተረኸቡ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ክተሓታተቱ/ታ ይግበሩ/ራ፡፡
ድሕሪ በቢፅምዲ ምልላዮም/የን ናብቲ ጠቕላላ ጉጅለ ሰልጠንቲ ብምሕዋስ እቲ/እታ ሓደ ነቲ/ታ መፃምዶም/ደን ነቲ ንኩሎም ተሳተፍቲ ንክላልዩ/ያ ይግበሩ/ራ፡፡በዚ መንገዲ ሕድሕድ ተሳተፍቲ ንኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ዝርርብ ብምግባር ምስ ኩሎም ተሳተፍቲ ንምልላይን ዕድል ናይ ኩሉ ተሳታፊ ኣስተዋፅኦ ዝዕድም ሃዋህዉ ምፍጣርን ምትሕፍፋር ብምዉጋድ ምስ ቀዲሞም ዝፈልጥዎም/ኦም ሰባት ጥራሕ ናይ ምጥባቕ ዕድል ነወግድ፡ :

### 1.2 መቕላ ዕዮ(ሓላፍነታ ምክፍፋል)

መሳለጢ/ት ተሳተፍቲ በቢ ጉጅለ ተጎጂሎም ዝተፈላለዩ ኣብ ከይዲ ፕሮግራም እቲ ስልጠና ኣብዝህልዉ ንጥፈታት ዝፃወትዎም ዝተፈላለዩ ተራታት ክወሃብዎም ንግበር፡፡ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታ መምዳብ ነቲ ስልጠና ኣሳተፋይ ንግበር፡፡ እቶም ኮሚቴታት ዝህልዎም ሓላፍነት፡

- ምቁፅፃር ግዜ
- ምምዕርራይ ናይ ስልጠና ክፍሊ/ኣዳራሽ
- ናይ ምዝንናይ ንጥፈታት

### 1.3 ምሕንፃፅ ዉሽጠ ደምቢ ጉጅለ

ስዒቦም ዘለዉን ካልኦትን ናይ ጉጅለ ዉሽጢ መምርሕታት ንሓንፅፅ፡፡




ሰዓት ምኽባር



ምድምማፅ / ጉናዊ ወግዒ








| ንጡፍ ተሳትፎ | ከልኦት ዉን ዕድል ንከረኽቡ ክንብሎ ዝደለና ብሓፂሩ ንግለፅ | ሞባይላና ሳይለንት ንግበር ወይ ዉን |
|---|---|---|

## 1.4 መእተዊ ንጥፈት

መሳለጥቲ ሰልጠንቲ ካብቲ ስለጠና ትፅቢት ዝገብሩሉ ነገር ኣብ ንእሽተይ ወረቐት/ ካርድ ክፅሕፉ ንግበር። ቀፂልና ሰልጠንቲ ዝፀሓፍዎም ወረቐታት/ካርድታት ኣኪብና ኣብቲ መንደቕ ንለጥፎም። እዚ ኣብ መወዳእታ እቲ ስልጠና ካብቲ ስልጠና ክንደይ ዝኣክል ኣቶ ትፅቢት ዝገበርናሎም ምርካብና ንምግምጋም ክንጥቀመሎም ንኽእል።

# 2 ድሕረ ባይታ

መብርሂ ፕሮጀክት ኮዋሽ፣ ናይ ኣተገባብርኡ ስትራተጅታት (ማለት እዉን ማሕበረሰብ ዘማሕድሮ ፕሮጀክት/ማዘፕ)ን ግደ ማይን፣ ኮሚቴ ቀረብ ፅሩይ ማይ ፅርየት ውለቀን ከባብን ትንታና ቅድሚ ምሃብና ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት በምምቃል ሕድሕድ ጉጅለ ካብቶም ሰለስታ ዝተፅርሑ ዘዕባታት ኣብቲ ሓደ ቁርብ ደቒቓታት ንክመያየጡ ንግበር። እቲ ምይይጥ ብዋናነት ነቶም ዘዕባታት ዝምልከት እነታይ ከምዝፈልጡ ዘትኮረ ይኾዉን። ዝተላዓሉ ቀንዲ ነጥብታት ኣብ ወረቐት ተዘርዚሮም ክፅሓፉ ንሓብር። ሕድሕድ ጉጅ ኣቦ/ኣዶ ወንበርን ፀሓፍን መሪፆም ምምይይጦም ከሳልጡ ንግበር።ብድህሪ እዚ ሕድሕድ ጉጅለ ዝተመያየጠሉ ንሓፋሽ ገለፃ ክገብር ብምግባር መሳለጥቲ ድሕሪ ገለፃ ሕድሕድ ጉጅለ ኣብታሕቲ ሥዒቡ ብዘሎ መሰረት ተወሳኺ ሓበሬታ ነቕርብ።

## 2.1 ፕሮጀክት ኮዋሽ

ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ዝመርሖ ቁልጡፍ ፅሩይ መስተ ማይ፣ ፅርይት ውልቅን ከባብን ፕሮጀክት ክልቲኣዊ ጥምረት መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ፊንላንድን እዩ። እዚ ክልቲኣዊ ጥምረት ቀረብ ፅሩይ ማይ ገጠርን ከባብን (RWSEP) ብዝብል ኣብ ክልል ኣምሓራ ብ1983 ዓ/ም ዝተጀመረ እዩ። ሽፋን ፅሩይ ማይ ዝተመሓየሸ ግልጋሎ ሓለዋ ፅርየት ከባቢ ዉልቀን ንምብፃሕ ዓሊሙ፣ብ 2003 ዓ/ም ኣብ ኣርባዕተ ክልላት (ቤንሻንጉል ጉምዝ፣ ኦሮሚያ፣ ብሔርንብሔረሰባትን ደቡብን ትግራይን) ናብ ሃገርለኸ ብርኪ ዓብዩ። እዚ ፕሮጀክት እብቲ ዓመት እቲ ካዓ ኮዋሽ ዝብል ሰያመ ረኺቡ ብክልተ ምዕራፋት ካብ 2003 ክሳብ ፍርቂ 2008 ዓ/ም ክትግበር ፀኒሑ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ትልሚ ስግግርን ዕብየትን GTP II (ቀረብ ማይ ፅርየት ውለቀን ከባብን) ካብ ሓምለ 2008 ክሳብ ሰነ 2011 ዓ/ም ዝተቐመጡ ዉፅኢታት ዋሽ ኣብ ምዕዋት ኣብርክቶ ንክህለዎ ዓሊሙ ሳልሳይ ምዕራፍ ማሕበረሰብ ዝመርሖ ቁልጡፍ ቀረብ ፅሩይ ማይ ፅርየት ውለቀን ከባብን (ኮዋሽ) ካብ 21 ነሓሰ 2008 24 ነሓሰ 2011 ንሰለስተ ዓመት ኣብ ምስላጥ ይርከብ።

ቀንዲ ትኹረት GTP II ሴክተር ዋሽ[1] ኣብ 2016 ዓ/ም ድልየት ቀረብ ማይን ግልጋሎት ፅርየት ውለቀን ከባብን ኣብ ትሓትዋይ ናይ ማእኸለዋይ እቶት ዘለዎም ዜጋታት ሃገር ንምርግጋፅ እዩ።

ዝርዝር ዕላማ GTP II ሴክተር ዋሽ፡ ብርኪ ግልጋሎት ልዕል ብምባል ምዕባይ ሽፋን ቀረብ ፅሩይ መስተ ማይ፣ ምርግጋፅ ሰናይ መምሕድዳር ቀረብ ማይ ገጠር፣ ምምሕየሽ ዘላቕነት ፣ ዕዉትነትን ዉፅኢታዉነትን እቲ ግልጋሎት ምምሕያሽን ናይቲ ንኡስ ሴክተር ሓፈሻዊ ዓቕሚ ምዕባይን የጠቓልል።

ስልቲ ኣተገባብራ ኮዋሽ ማሕበረሰብ ዘመሓዳድሮ ፕሮጀክት(ማዘፕ)፣ ቅድም ክብል መንግስቲ ፊንላንድን ኣብ ክልል ኣምሓራ ብ1983 ዓ/ም ቀረብ ፅሩይ ማይ ገጠርን ከባብን (RWSEP) ብዝብል ዝተጀመረ ስዒቡዉን ካሊእ ብመንግስቲ ፊንላንድን ሓገዝ ፊን ዋሽ ዝተበሃለ ፕሮጀክት ዝተስፋሕፈሐመሰረት ዝገበረ እዩ። ማዘፕ ብሃገርለኸ ብርኪ ዝዓበየ ኣብ 2003 ብፕሮገራም ዋሽ እዩ። ነዚ ስዒቡ ሜላ ማዘፕ ከም ሓደ ናይቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝትገበሩ ኣርባዕተ ዓይነታት ሃገራዊ ፕሮገራም ሓደ ዋሽ ገጠር ማዕቢሉ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ማዘፕ ኣብ 76 ወረዳታት ናይ 5 ክልላት (ቤንሻንጉል ጉምዝ፣ ኦሮሚያ፣ ብሔርንብሔረሰባትን ደቡብን ትግራይን) ኢትዮጵያ ብኮዋሳ ኣብ ምትግባር ይርከብ።

## 2.2 ቅደመ ሳዓብ ኣተገባብራ ሜላ ማዘፕ

ስልቲ ኣተገባብራ ማሕበረሰብ ዘመሓዳድሮ ፕሮጀክት(ማዘፕ) ካብ ካልኦት ብዝተፈለየ ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ቅድመሰዓባት ተኸቲልካ ዝትግበር እዩ። ስለዚ ሕድሕድ ከይዲ እቲ ትግበራ መዓረ ዉፅኢት እቲ ትግበራ ኣገዳሲ እዩ። ሕድሕድ ብርኪ ትግበራ ናይ ማሕበረሰብ ዓቕሚ ትግበራ፣ ምሕደራን ፕሮጀክት ዋሽ ንምዕባይን ዘላቕነት ንክህልዎ ንምግባር ተገይሩ ዝተነደፈ እዩ። ስለዚ እቲ ከይዲ ዘላቕነት ብዝለዓለ ኩነታ ዘረጋግፅ እዩ።እቶም ብርክታት ማዘፕ ቀፂሎም ዘለዉ እዮም።

[1] ናይ GTP II ዉፅኢታት ቀረብ ማይ፣ ግልጋሎት ሽፋን ኣቕርቦት ማይ ገጠር ን 85% 85 እቲ ህዝቢ ብንኡስ 25 ሊትሮ ንሓደ ሰብ ንሓደ መዓልቲ ኣብ ክሊ ናይ 1 ኪሎሜትር ርሕቐት፣ ካብዚኦም እዉን እቶም 20% ብናይ ገጠር ዝርገሐ ትቦ ማይ ምርግጋፅ ዘካትት እንትኾን ምንካይ ዝተበላሸዩ ናቑጣታት ማይ ካብ 11% ክሳብ 7% ዘጠቓለለ እዩ፡ ፡ ብመንፅር ግልጋሎት ፅርየት ካባብን ዎልቀን እዉን ካብ ሽቓቕ ወፃኢ ምሻን ካብ 18% ናብ 82% ንምንካይ ከምኡዉን ዝተማሓየሸ ሽቓቕን ኢድ መሕፀብን ዘለዎም ስድራታት ካብ 28% ናብ 82% ንምድያብ ክሳብ 2012 ዓ/ም ዝዓለመ እዩ፡፡



**1. ስልጠና ምሕደራ ማዘተ:** ኣብዚ ብርኪ ምምሕድዳርን ኣብ ክልል፣ ዞባን ወረዳን ብርኪ ዝርከቡ  ናይ ዋሽ ሰብ ሞያ ብዛዕባ ምሕደራ ቴክኒካዊ ዋኒን ማዘተ ዘለዎም ኣፍልጦ ልዕል ንምባል ብኡ ኣቢሉ እዉን እቲ ፕሮጀክት ናብ ትግበራ ብርኪ ንምብፃሕ ዝሕግዝ ስልጠና ይወሃብ፡፡ናይቲ ስልጠና ዓላማ ናይ ወረዳ መመሓደርቲ ማለት ዉን ኣብ ትግበራ ዋሽ ናይ ምቁፅፃርን ምትሕብባርን ንዘለዎም ኣካላት ኣብ ማዘተ ዝፃወትዎ ተራ ኣፍልጦ ክህልዎም ንምግባር እዩ፡፡ ኣማሓደርቲን ሰብ ሞያን ዝዛተይሉ መድረኽ

ብምፍጣር ናይቲ ካባቢ ኩነታትን ሽቶታትን ዋሽ ኣመልኪቱ ምርድዳኣትን መደምደምታታትን ንክበፅሑ ዕድል ዝፈጥር ይኸዉን፡፡



2. **ማዘተ ምልላይ:** ተጠቀምቲ ማሕበረስብ ብዛዕባ ማዘተ ኣመልኪቱ ማለት እዉን፡ እንታይ ዓይነት ሜላ ኣተገባብራ እዩ ዝኽተል፣ እንታይ እትዉታት ይህልዉዎ፣ እንታይ ዕድላት ኣለዉዎ ከምኡዉን እንታይ ግቡኣት ይሓትት ዝብሉ ሓበሬታት ክህልዎ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናይ ወረዳ ጉጅለ ቴክኒካዊ ኣመራርሓ ዋሽ ምስ ናይ ቀበሌ ጉጅለ ዋሽ ብሓባር ብምኻን እቲ ስልቲ ብምፍላጥ ድልየት ክምንጭዉ የለዓዕሉ፡፡ ማሕበረስብ ከመይ ከምዘመልክቱን ከማልእዎ ዝግባእ ረቋሒታት ይብራህርሁሎም፡፡



**3. ምምራፅ ተወከልቲ:** ማሕበረስበ ኣብ ማዘተ ንምስታፍ ድሕሪ ምዉሳኑ ኣኼባ ብምክያድ ነቲ ስራሕ ዝፍፀሙ መራሕቲ ኣካላት ኮሚቴ ዋሽ ተባሂሉ ዝስየም ጉጅለ ይመርፁ፡፡ ኣብ ማዘተ እቲ ኮሚቴ ዋሽ ስራሕትታትን ግዝኢት ናዉትን ኣመልኪቱ ናይ ምዉዕዓል ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ብተወሳኺ ነቲ ማሕበረሰብ ወኪሉ ናይ እቶት ስምምዕነት ምስ ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ዉዕሊ ናይ ምእሳር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ድሕሪ ምዝዛም እቲ ፕሮጀክት ነቶም ትካላት ማይ ናይ ምምሕድዳር፣ ስራሕቲ ምስላጥን ሓላፍነት እዉን ናይቲ ኮሚቴ ይኸዉን፡፡



**4. ናይ ቁጠባ ደፍተር ምኽፋት:** ድሕሪ ምጥያሽ ኮሚቴ ዋሽ እቲ ኮሚቴ ነቲ ማህበረሰብ ብምዉዳብን ብምልዕዓልን እትዋት ብንዋታዊ፣ ብጉልበት ወይዉን ብንዘብ መልክዕ ክማላእ ይገብር፡፡ ኮሚቴ ዋሽ  ካይዲ ምዉፃእ ናይ ቅድምያ ገንዝብ መሳለጢ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ናብ እቲ ከባቢ ናይ ዝርከብ ትካል ልቓሕን ዑቃርን ቁጠባ ደፍተር ምዕቛርን የተሓባብር፡፡ እቲ ናይ ቅድምያ ገንዝብ እነተነኣሰ እበቲ ናይቲ ፕሮጀክት

ቀዳማ ዓመት ዘድልዩ ወፃእታት ዝሸፍን ክኸን ይግባእ፡፡



**5.ምቕራብ ሕቶ ፕሮጀክት:** ናይ ከባቢ ማሕበረሰብ ብዝወከሉም ኮሚቴ ዋሽ ኣቢሉ ሕቶ ፕሮጀክት ናይ ምቕራብ ሓላፍነተ ኣለዎ።እቲ ዝቐርብ ደብዳበ ሕቶ፡ ብዛዕባኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታትን ናይቲ ማሕበረሰብ ክሕዝ ይግባእ።ኮሚቴ ዋሽ እቲ ፕሮፖዛል ምስቲ ዝተመለአ ቅጥዒ ሕቶን ቅዳሕ ቅብሊት ዑቃር ገንዘብ ቅድመ መዋጨ ተተሓሂዙ ናብ ማዘፐ እቲ ወረዳ ክቐርብ ይግባእ።



**6. *ገምጋም* ፕሮጀክት:** ኣብ ሜላ ማዘፐ ክተ ዓይነት ገምጋማት ፕሮጀክት ኣለዉ። ንሰም እዉን፡ ናይ ፅሑፍን ናይ ፕሮጀክት ቦታ ገምጋማት እዮም። ***ናይ ፅሑፍ ገምጋም*** እቲ ዝቐረበ ደብዳበ ሕቶ ብቅልጡፍ ብምግምጋም ትፅቢት ዝግበረሎም ረቛሕታት ምምለኦም ብምርግጋፅ ዝካየድ እዩ። እቲ ደብዳበ ሕቶ ትፅቢት ዝግበረሎም ረቛሕታት ዘማልእ እንትኾን እቲ ኮሚቴ ዋሽ ሕቶኦም ተቐባልነት ምርካቡ ብምፍላጥ ከይዲ ናይ ፕሮጀክት ቦታ ገምጋም ኣዋን ይዉሰን። ***ናይ ፕሮጀክት ቦታ ገምጋም*** እዚ ዝትግበር እቶም ኣብቲ ፅሑፋዊ ሕቶ

ፕሮጅክት ዝካተቶም ኣሃዛትን መረዳእታታትን ሓቃነቶምን ናይቲ ፕሮጀክት ፋይናንሳዊ፣ ቴክኒካዊ፣ ከባብያዊን ማሕበራዉን ዘላቕነቶም ንርግጋፅ ዝዓለመ እዩ። ኣብዚ ብርኪ እዚ ፍሉይ ድልየታትን ትፅቢታትን ደቂ ኣንስትዮን ካልኦት ንፀገም ተጋለፅቲ ዝኾኑ ክፋላት እቲ ማሕበረሰብ ዝምለክት ግቡእ ጠመተ ዝተወሃቦም ምኾኑ ምርግጋፅን ካብ ኣነደበቶም ሓሳብ ናይ ምድማፅ ተግባራት እዉን የካትት።ብተወሳኺ ናይቲ ማሕበረሰብ ብርኪ ዓቕሚ መዋጨ ምዉፃእ፣ ምትግባርን ምምሕድዳርን እቲ ፕሮጀክት እዉን ይግምገም። እዚ ዝግምግም እቲ ቴክኒካዊ ጉጅለ ዋሽ (ኣብቲ ናይቲ ወረዳ ሴክተር ቤትፅሕፈት ዝርከብ ጉጅለ ሰብ ሞያ) ይኸዉን። እቲ ቴክኒካዊ ጉጅለ ፀብፃብ ምዝዛም እቲ ከይዲ ገምጋም ብፅሑፍ ናብ ጉጅለ ዋሽ እቲ ወረዳ (ምምሕድዳር ሴክተር ፅሕፈት ቤት) የቕርብ።




**7. ምፅዳቕ ፕሮጀክት:** ጉጅለ ዋሽ ብመሪሕነት ወረዳ ምምሕድዳር እቲ ወረዳ ፀብፃብ ገምጋም መሰርት ብምግባርን ዘሎ ፋይናንሳዊ ሃፍቲ ኣብ ግምት ብምእታዉ እቲ ፕሮጅክት ነቲ ፕሮጀክት ብዛዕባ ምብጃት ወሳነ ይዕርፍ።



**8. ስምምዕነት ምስላዕ በጀት ፕሮጀክት:** ድሕሪ ምፅዳቕ እቲ ፕሮጀክት ነዚ ፕሮጀክት በጀት ንምምዳብ እቲ ኮሚቴ ዋሽ ምስቲ ወረዳ ሰምምዕነት ይኣስሩ። እዚ ዉዕሊ እንትእሰር ሓላፊ ጉጅለ ዋሽ እቲ ወረዳን ኣቦ/ዶ ወንበር ኮሚቴ ዋሽ ፌረመኦም ኣብቲ ዉዕሊ ስምምዕነት ምምዳብ በጀት ብምንባር ይከነዋን።



**9. ናይ ፕሮጀክት ሒሳብ ደፍተር ምኽፋት:** ኮሚቴ ዋሽ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ትካል ልቓሕን ዑቃርን ናይ ሒሳብ ደፍተር እቲ ፕረጀክት ይኸፍት። እዚ ደፍተር ሒሳብ ተንቀሳቓሲ ሒሳብ ኮይኑ ካብ ክልል ዝተለኣኸ ገንዘብ ኢንቨስትመንት ዝኣትወሉ እዩ። ስለዚ ኣብ መወዳእታ እቲ ንትሕጃ ዝተቐመጠ ገንዝብ ምስተኸፈለ ዝዕፀዉ ይኸዉን። እዚ ሒሳብ ደፍትር እዚ ካብቲ ናይ ቁጠባ ደፍተር ዝተፈለየ ምኾኑ ክፍለጥ ይግባእ።



**10. ስልጠና ማሕበረሰብ:** እዚ ስልጠና ናይቲ ኮሚቴ ዋሽ ፕሮጀክት ንምፍፃ/ምን መምሕድዳርን ዘለዎ ዓቕሙ ንምዕባይ ዝወሃብ እዩ። እዚ ስልጠና ድሕሪ ምዉሳድ እቲ ኮሚቴ ዋሽ ኣፈፀፅም ማዘፕ ማለት ዉን ቅድ መሰዓበት ከየዲ ዕድጊት፣ ምሕደራ ህንፀትን ፋይናንስን፣ ፀብፃብ አቀራርበን ከምኡዉን ምሕደራ አጠቓቕማን ፀገናን ተካላት ማይ ከካይድ ይኽእል። ኣብ መወዳእታ እቲ ስልጠና ኮሚቴ ዋሽ ትግዝቶ፣ ግቡእን ሓላፍነትን እቲ ዉዕሊ ፕሮጅክት ይርዳእ። እዚ ስልጠና ዉዕሊ ድሚ ምእሳር አዉን ክወሃብ ይኽእል።



**11. ህንፀት:** ልዕል ኢሎም ዝተፅርሑ ተግባራት ምድላዉ ድሕሪ ምዝዛም ተግባር ኮሚቴ ዋሽ እቶም ዝተወሰኑ ናቛጣታት ፅሩይ መሰተ ማይ ምህናፅ ይኸዉን ።ኣብዚ ብርኪ እዚ እቲ ዝተመደበ በጀት ኢንቨስተመንት ናብቲ ኣብቲ ከባብያዊ ትካል ዕቋርን ልቓሕን ዝረከብ ተንቀሳቓሲ ደፍተር ሒሳብ እቲ ፕሮጀክት ኮሚቴ ዋሽ። ኮሚቴ ዋሽ ዘድሊ ናዉቲ ህንፀት ካብ ምዕዳግ ብተወሳኺ ናቛጣታት ፅሩይ መሰተ ማይ ዝሃንፁ ከባብያዊ ተቖረፅቲ ናይ ምኩንታር ሓላፍነት ኣለዎ። ኮሚቴ ዋሽ ምዕባለን ፅርያት እቲ ህንፀት ከምኡ ዉን ቀፃሊ ናይ ጉልበት፣ ናዉትን ገንዘብ ምዉፃእ ክካየድ የተሓባብር። በጀት ኢንቨስተመንት ዝልቀቕ ኮሚቴ ዋሽ ናይቲ ፕሮጀክት ወፃእታት ንላዕለዋይ ኣመሓዳሪ ማዘፕ



ናቓጣ ማይ



ዝተመሓየሸ ሽቓቕ



መሕፀቢ ኢድ

**12. ስነ ስርዓት ምረቓ** : ድህሪ ምዝዛም ህንፀት ናቑጣ ማይ እቲ ማሕበረሰብ ምስ ዕዱማት ጋያሹ ብሓባር ብምኺን ስነስርዓት ምረቓ ብምግባር ዓላዊ ምጅማር ግልጋሎት እቲ ናቑጣ ይብሰር። ኮሚቴ ዋሽኮ ኣብዚ ስነ ስርዓት እዚ ነቲ ማሕበረሰብ ብዛዕባ ገንዘባዉን ኣካለዉን ክንዉን እቲ ፕሮጀክት ፀብፃብ የቕርብ። እዚ ስነ ስርዓት መድረኽ ምይይጥ ከም O&M ዝበሉ ተግባራዊ ዋኒናት እዉን ብምኺን ስምምዕነት ዝተገበረሎም ዋኒናት ከመይ ምኻዶም ዝብራህረሀሉ እዩ።



**13. ክትትል ድሕሪ ትግበራ:** እዚ ኮሚቴ ዋሽ ምስ ወረዳ ጉጅለ ዋሽ ብምቅንጃዉ ዘካይድዎ ናይ ኣተገባብራ ክትትል ብምግባር ኣቲ ኣካይዳ ምግምጋምን ብዛዕባ ምዕባለ እቲ ፕሮጅክት ሓበሬታን መስተኻኸሊ ማዕዳን ዝወሃበሉ እዩ። ካልኣይ ንቀፀሊ ኣገዳሲ ዝኾነ ተምህርቲ ዝረከበሉ ከየዲ እዩ። ሳልሳይ ናቑጣ ማይ ብቐፃልነት ግልጋሎት ምሃቡ ንርግጋፅ እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኮሚቴ ዋሽ ምስቲ ማሕበረሰብ ብሓባር ብምኾን ብዛዕባ ትልሚ ምሕደራ ሓደጋ ነባሪ ኣየር ዝትግበረሉን ሃለዋት ማይ ቀፃልነት ክህልዎን ቀረበ ማይ ኩነታት ነባሪ ኣየር ዝፃወር ክኾን ምግባር እዩ።ካልእ ኣብዚ እዋን ትኹረት ዝወሃቦ ዋን ድማ፡ "ትልሚ ደሕንንት ማይ" ምድላዉ። ናይዚ ትልሚ ዕላማ ደሕንነት ማይ ካብቲ ዝረከበሉ ቦታ ጀሚሩ ክሳብ ኣብ ገዛ ዝተሓለወ ክኾን ምርግጋፅ እዩ።

## 2.3 ግደን ሓላፍነትን ኮሚቴ ዋሽ ኣብ ሜላ ማዘፕ

ኣብ ሜላ ማህበረስብ ዘመሓድሮ ፕሮጀክት (ማዘፕ) ኮሚቴ ዋሽ ሓላፍነቱ ሕብረተስብ ብምስታፍ ህንፀትን ምሕደራን ደሕንነቱ ዝተረጋገፀ ቀረብ ማይ ፀርያት ከባብን ዉልቀን ምርግጋፅን እዩ።ሕድ ሕድ ኮሚቴ ዋሽ ከከም ኣዋጅ እቲ ክልል ካብ 5 ክሳብ 7 ኣባላት እንትህለዎ ንሰም እዉን፡

- ኣቦ/ኣዶ ዎንበር - 1
- ፀሓፊ/ት ን ሒሳብ ሰራሕተኛን -1
- ተሓዚ/ት ገንዘብ ንብረት ተቖፃፃርን - 1
- ስቶር - 1
- ተቖፃፀሪ/ት - 1
- ኣባላት - 2 (ከከም ኣዋጅ እቲ ክልል ክህልዉ ወይ ከይህልዉ ይኽእሉ)

} እዚኦምናይ ኮሚቴ ዋሽ ኣካላት መራሕቲ

ካብዞም 5 ወይ 7 ኣባላት፡ 60% ናይቶም ኣባላት[2] ደቂ ኣንስትዮ ፤ ብተወሳኺ እነተነኣሰ ሓንቲ ካብቶም መራሕቲ ኣካላት (ኣቦ/ኣዶ ዎንበር፣ ፀሓፊ/ት ን ሒሳብ ሰራሕተኛን፣ ተሓዚ/ት ገንዘብ ንብረት ተቖፃፃርን) ክኾና ይግባእ። ዝርዝር ተግባርን ሓላፍነት ኣባላት ኮሚቴ ዋሽ ኣብ ማዘፐ ኣብ ስዒቡ ዘሎ ናይ ማዘፐ ደረ-ገፅ ይርከብ፡ https://www.cmpethiopia.org/page/2285

## 2.4 ምኽንያት ኣድላይነት ምሕያል ዓቅሚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኮሚቴ ዋደሽ

### 2.4.1 ክለሳ ተዛመድቲ ፅሑፋት

ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዙርያ ዝተፈለላዩ ህዝባዊ ዓንኬላት ዝተፀሓፉ ፅሑፉ እንትረአ ስዒቦም ዘለዉ ማሕበራዊ ባህላዊን ማሕንቆታት ንዕዘብ።

- ብልማደዊ እምነት ግደ ተባዕትዮ ኣብ ዓንኬል ህዝባዊ ዋኒናት እንተኾነ ግደ ደቂ ኣንስትይ ግን ኣብ ናይ ገዛ ስራሕቲ እዩ። ቆልዑት ምክንኻንን ስራሕቲ ገዛ ምክንዋንነ፣ ዕንጨይቲ መእራይ፣ ማይ ምፅዋርን ከም ሓላፍነት ደቂ ኣስትዮ ይሕሎ። ነቲ ስድራ እቶት ናይ ምምፃእን እተዋወት ናይ ምፍራን ሓላፍነት ከዓ ሓላፍነት ደቂ ተባዕትዮ ተግይሩ ይዉሰድ።
- ኣብ ተግባር እንተረአ ግን ደቂ ኣንስትዮ ሰለስተ ዓይነታት ሓላፍነት (መፍረያይነት፣ ምዉላድን ማሕበራዊ ሰራሕቲ) ከምዝዋፀአ የረአ። እዞም ሰለሰተ ሓላፈነታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ህዝባዊን ልምዓታዉን ስራሕቲ ንከይሳተፋ ቀንዲ ዕንቅፋት እዮም።
- ህዝባዊ ምይይጣት ዝካየዱሉ ቦታን እዋነን ዝበዝሐ እዋን ንደቂ ኣንስትዮ ዘይምችዉ ምኳኖም መጠን ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ክንክይ ይገብሮ።
- ትሑት ትምህርታዊ ብቕዓት፡ትሑት ክእለት ምንባብን ምፃሓፍን፣ ትሑት ክእለት ምግባጥ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ሓላፍነት ንዘይ መምራፅ ምኽንያት ተገይሮም ይዉሰዱ።
- ካልእ ዕንቅፋት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ህዝባዊ ሓላፍነታት ዝኾነ ብፍላይ ከዓ ናብ መሪሕነት ከይመፃ ማሕበራዊ ባህላዊ መሕንቆ ዝዉቱር ዝኾነ ተባዕትዮ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዝሓሹ እዮም ዝብል ግጉይ ኣራኣእያ። ደዋ ኣንስትዮ ናይ መሪሕነት ግደ ንምዉፃእ ፍልጠት ይዉሕደን እዩ ብተወሳኺ ዕርስ እምነት እዉን የብለነን ፣ ዉሳነ ኣብ ምሃብ ፀግዕተኛታ እየን፣ ናይ ባዕለን ድምፂ ኣብ ህዝባዊ ወዕላታ ባዕለን ከገልፃ ስለዝይ ይኽእላ በሰብኡተን ክወከላ ከምዘግባእ ዝብሉ ኣራኣእያታት ኣለዉ።

ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምሪሕነት ንምዕባይ ኣብዞም ፅሑፋት ዝተፀርሑ ዋና መዕዳታት ስዒቦም ዘለዉ እዮም፡

- ፆታዊ ኣፋላላይ ኣብ ብርኪ ስድራ ንምቅላስ ስድራ ተኮር ሜላታት ብምጥቃም ዝምድና ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮ ምጥንኻር።
- ተበፃሕነት ዋንነትን ሃፍቲ ደቂ ኣንስትዮ ክዉስኽ ምግባር።
- ኣቕርቦት ጉልበት ዝቑጥቡ ቴክኖሎጅታት፣ ግልጋሎት ምሕብሓብ ህፃናትን ፕሮገራማት ምዉጋድ ማሃይምነት።

---

[2]ኣመሰራርታ ኮሚቴ ዋሽ ኣመልኪቱ ኣብ ኣዋጅን መምርሕን ክልል ክምዝተገለፀ፡ 50% ኣባላት ዋሽ ደቂ ኣንስትዮ ኮይኑ ግን ዝበዝሕእዋን በዝሒ እቶመ ኣባላት ጎደሎ ቑፅሪ ስለዝኾነ 50% ደቂ ኣንስትዮ ምምፃእ ኣፀጋሚ ይኸዉን።

- ምዕባይ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ እዉን ኣብ ክእለት መሪሕነት፤ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓርሰ እምነት ብምምዕባይ ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታት ርኡይ ተሳትፎ ንክህልወን ኣብ ዉሳነ ምሃብ ግሉህ አስተዋፅኦ ክገብራን ዝሕግዝ እዩ።

### 2.4.2 ደቂ ኣንስትዮ

ብምትሕብባር ዋሽኮን ዳይሮክተሬት ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ሚንስተሪ ሃፍቲ ማይ መስኖን ኤሌክትሪክን፤ ኣብ 2007 ዓ/ም ንፅፅራዊ መፅናዕቲ ዉስን ኩነታት (ኬዝ ስተዲ) ተኻይዱ ነይሩ።

**ዕላመ እቲ መፅናዕቲ፡** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኮሚቴታት ዋሽን እቲ ማህበረስብን ብሓፈሻ ዘለወን ተሳትፎን ኣስተዋፅኦን ንምርማር እዩ።

**ኣድማስን ሜላን መፅናዕቲ**፡እቲ መፅናዕቲ ናይ ዋሽኮ ኣፈፃፅማ ስራህ በመንፅር መለክዕታት ስራህቲ ህንፀትን ድሕረ ህንፀትን ዘተኮረ ዳህሳስ እዩ። ኣብ ከይዲ ስራሕቲ ህንፀት ዝምልከቱ መለክዕታት ተሳትፎ ማሕበረሰብ ሓዊሱ ፅርየትን መዘዝሚ እዋን ስራሕቲ ህንፃታት፣ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ፣ ዉሽጣዊ ጥንካረ፣ አመራርፃን ምልዕኣልን ኣባላት ዋሽኮ እንትኾኑ፤ ድሕረ ህንፀትን ኣብ ዘሎ እዋን ዝምልከቱ መለክዕታት ካዓ፡ ኣጠቓቕማን ፅገናን ናቑጣታት ማይ፣ ኣተኣኽኽባ ክፍሊት ማይን ኣጠቓቕማ ማይን እዮም። ብዕላማዊ ኣመራርፃ ናሙና (ሳምፕል) ካብ ክልላት ትግራይ፣ ደቡብ ኣምሓራን ዝርከባ ናይ 6 ወረዳትት 20 ናቑጣታት ማይ ነቲ ዳህሳስ ዝተሓርያ እንትኾና ኣብ ሕድሕድ ናቑጣ ሰለስተ ምይይጥ ጉጅለ ትኹረት(ፎከስ ግሩፕ ዲስኬሽን) ማለት እዉን ናይ ደቂ ኣንስትዮ፣ ደቂ ተባዕትዮን ዋሽኮን ጉጅለታት ምይይጣት ተኻይዶም።

## ዋና ዉፅኢታት መፅናዕቲ

- ተሳትፎን ኣፍለጦን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምምሕዳራ ትሑት ብርኪ ምህልዎ።
- ኮታዊ ዉክልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋፀ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዋሽኮ እኹል ከምዘይኮነ።

## ኣብ ማሕበረስብ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ

*ተሳትፎን ኣካትቶነትን፡*

- ኣብ ከይዲ ስራሕቲ ህንፀት ናቑጣ (ብሜላ ማዘፕ) ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ምኻኑ ኮይኑ ግን ኣብ ድሕረ ህንፀት ዘሎ ስርሓቲ ምጥቀምን ፅገናን ናቑጣ ማይ ትሑት ምንባሩ እዩ።

*ሓበሬታ ናይ ምርካብ ኩነታ፡*

- ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ እንትነፃፀር ትሑት ሓበሬታ ናይ ምርካብ ዕድል ከምዘለወን።
- ብዛዕባ ምዉሳን መጠን ክፍሊት ማይ፣ , O&M needs, ዝመሳሰሉ ህዝባዊ ኣኼባታት ደቂ ኣንስትዮ ዘይካተታ እብቲ ምይይጥ ዝተላዓሉን ስምምዕነት ዝተበፃሑሎምን ዋኒናት ነይሮም።
- ብምኽንያት ትሑት ኣካትቶነትን ተስትፎን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ወኒናት ምሕደራ ማይ ቀፃልነት ናቑጣታት ማይ ንሓደጋ ምስጠሖም፡

**ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዋሽኮ**

*ኣባልነት ኮሚቴ ዋሽ፡*

- ካብቶም ዝተጎብነዮ ትሕቲ 50% ኮሚቴታት ዋሽ እቶም 50% ኣባልት ደቂኣንስይ ኮይንን ተረኺበን።(ኣብ ብሄራዊ መምርሒ[3] ብግልፂ ከምዝተፀረሐ ኣብ ከይዲ ምጥያሽ ኮሚቴታት ዋሽ ተመጣጣንነት ደቂ ኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ንምርግጋፅ። ኣብ መፅሓፍ እድ/ሃንድኣዉት[4] ኮሚቴ ዋሽ 50% ኣባልት ደቂ ኣንስይ ክኾና ይሕሉ።)

*ኣከይዳ መረፃ ኮሚቴ ዋሽ፡*

- ደቂ ኣንስትዮ ብዋናነት ንኣዶ ወንበርነት ዝምረፃ እቲ ወረዳ ብዝህቦ መምርሒ ምኽንያት እዩ።
- ኣብ ኣተሃሕዛ ገንዘብ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዲተባእትዮ ዝበለፀ ተኣማንነት ከምዘለዎን።
- ኣብ ዉስናት ኩነታት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣዶወመበርነት ንምልክት ጥራሕ ምዃኑ እቲ ሓቂ ግን ሰብኡተን እቲ ናይ መሪሕነት ተራ ዝፃወታ ምዃኖም እዩ።

*ዘላቕነት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዋሽኮ:*

- ካብተን ዝተጎብነያ ናቔጣታት ማይ 50 % ብምኽንያት ባህላዉን ሃይማኖታዉን እምነታት ደቂ ኣስትዮ ንሓላፍነት ኮሚቴ ዋሽ ክምረፃ ከምዘይቅበሉ እዩ ።
- ናይ ልምዓት ተግባራት ኣብ ምምራሕን መምሕድዳርን ደቂተባዕትዮ ዘሐሸ ጥንካረ ከምዘለዎም።
- ደቂ ኣንስትዮ ናይ ገዛ ስራሕቲ ሓላፍነት ስለ ዘለወን ናብ ከተማታት ወረዳ ክኸዳ ኣየፍቀለነን ስለዚ ናይ ማይ ፕሮጀከትታት ንምምሕድዳር ዓቕሚ የብለንን።

*ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዋኒታት ወረዳን ጣብያን:*

- ተሳትፎ ደቂ ኣስትዮ ኣብ ዋኒና ወረዳን ጣብያን ውክልነአን ብጣዕሚ ትሑት ምዃኑ። ኣብ ተግባራት ዋሽ ኣብ ከይዲ ህንፀት ኾነ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ምጥቃምን ምፅጋነን ማይ ብምሉእነት ከምዘይሳተፉ፡

- ናይዚ ዳህሳስ ዉፅኢታት ዝህበዎ ሓበሬታ ኮታዊ ዉክልና ደቂ ኣንስትዮ እኹል ዘይምዃኑን ስለዚ ምሕያል ዓቅሚ መሪሕነት ደቂ ኣንስተይን ኣብ ኩሎም ብረክታት ማሕበረስብ ናይ ዋሽኮ ኣፍለጦ ምፍጣርን ዓቕሚ ምዕባይን ተበግሶታት ኣገስቲ እዮም ዝብል መደምደምታ ተበፂሑ።

---

[3] *ኣብ ሴክተራት ማይን ሓይሊን መምርሒ መፅንባር ስነፆታ* (*ጀንድር መይንስትሪሚነግ* ) (*ጥቅምቲ* 2007)
[4] https://www.cmpethiopia.org/page/2285

## 3 ተሳትፎ ማሕበረሰብን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን

ናብቲ ዝርዝር ቅድሚ ምእታዉ መሳለጥቲ ተሳተፍቲ ኣብ 3 ጉጅለ ክኾኑ ንግበር።ሕድሕድ ጉጅለ ኣብ ዙርያ ኣቶ ሰለስተ ኣምራት (ኮነሴፕትስ)፡ ማሕበረሰብ፣ ተስትፎ ማሕበረስብን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ክመያየጡ ንግበር።

ሀ/ ዝንቲ ጉጅለ ምይይጥ ዝድለ ግዜ : 30 ደቒቓ

ለ/ ዝድለ ናዉቲ: ፍሊፕ ቻርትን ማርከርን

ሀ/ ኣቀማምጣ: ሕድሕድ ጉጅለ ክቢ እናሰረሐ ይቕመጥ ።

ሕድሕድ ጉጅለ ነቲ ምይይጥ ዘተሓባብር ኣቦ/ኣዶ ዎንበርን ኣብቲ ምይይጥ ዘተለዓሉ ቀንዲ ነጥብታት ዝህዝን ንጠቕላላ ስልጣኒ ሪፖረት ዘቕርብን ፃሓፊ/ት ይህልዎ።

### 3.1 ተሳትፎ ማሕበረሰብ

ማሕበረሰብ ማለት ናይ ዉልቀ ሰባትን ስድራታትን ማሕበራዊ እኩብ ኮይኑ ስዒቦም ዘለዉ ፀባያት ኣለዉዎ፡

- ኣብ ሓደ ጅኦግርፍያዊ ከባቢ ዝነብር
- ዝተፈላለዩ ብርኪ መነባብሮ ዝመርሑ እንተኾኑ እኳ ናይ ሓባር ፀገማተን ሓበራዊ ሸቶታት ዘለዉዎ።
- ሓደ ዓይነት ናይ ምዕባለ ድልየታት ዘለዉዎ።
- ብኣብዘሓ ሓደ ዓይነት ምትእስሳራትን ድልየታትን ዘለዉዎ።
- ናይ ሓባር ባህልን ቋንቋን ዘለዉዎ።
- ናይ ሓባር ሃፍትታት፡ ከም ማይ፣ መግሃጫ መሬት፣ ቤትምህርቲ፣ ቤተክርስትያን፣ መስጊድን ክሊኒክን ወዘተ ዘለዉዎ።
- ብሰነማሕበራዊ፣ ስነሉቦናዉን ሃይማኖታዉን መረበብ ዝተኣለመ
- ብተወሰኺ ዝተፈላለዩ ኣፋላላያት ዘለዎም (ብቁጠባ፣ ብማሕበራዊ ቦታ/ደረጃ፣ ብፖለቲካዊ፣ ብዉለቀ ድልየትን ) ዝተፈላለዩ ናይ መነበብሮ ስልትታት ዝጠቀሙ ኣባላት ዘለዉዎን።
- ስለዝኾነ ማሕበረሰብ ሐድነትን ጎንፅታትን ከተኣናግድ ዝኽእል፣ ምቅይያር ዉግንናን ናይ ስልጣናን ማሕበራዊ ማሓዉራት መዋቕር ዘንፀባረቕሉ ናይ ሕብረተሰብ ክፋል ጌርካ ክዉሰድ ይከኣል።

ተሳትፎ ማሕብረሰብ ማለት ማሕበረስብ ሃፍትታቱ ንተግባራት ልምዓት ዘዋፍረሉ፣ ሓልፍነታት ዝካፋፈለሉ ዉሳነታት ዘዕርፈሉን ኩለመደያዊ ጥዕናኡ ንምርግጋፅ ፕሮገራማት ልምዓት ኣብ ተግባር ዘዉዕለሉ ከይዲ እዩ። ከምዚ ዘበለ ከይዲ እቲ ማሕበረስብ ፀገማቱ በዕሉ ክፈትሕን ዓርሱ ዝኽእል ክኾንን ብምግባር ወናንነት ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዉን ከባብያዉን ምእባለታቱ ክኾን ዘኽእል እዩ።[5] ተግበርቲ ስራሕቲ ልምዓት ተሳትፎ ማሕበረተሰብ ዘበረታትዕሉም ምኽንያታት ስዒቦመ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡

- ተሳትፎ ስነምግባራዉን መሰልን እዩ
- ተሳትፎ ፅርየት፣ ደሕንነትን ዝርገሐን ግልጋሎት የሳልጥ።
- ተሳትፎ ፕሮጀክት ብቀረባ ንምክትታል፣ ቁፅፅርን ምግፋሕ ብሉፅ ተሞክሮን ብምስላጥ ዕላማት ፕሮጀክት ዑዉት ንክኾን የኽእል።
- ተሳትፎ ንድልየታት ተጠቀምቲ ምላሽ ዝህቡ ግልጋሎታት ክህልዉ ዓርሰ እምነትን ስምዕት ዋንነት ክህሉን ኣፍልጦ ማሕበረስብ ክጉልበት የኽእል።

[5] https://www.slideshare.net/.../community-participation-49990976

**ረብሓታት ተሳትፎ ማሕበረሰብ** - ተሳትፎ ማሕበረሰብ ዉፅኢታዊ ክኾን ዝኻኣለሉ ምኽንያት፡

- ድልየታት፣ ፃገማት፣ እምነታት፣ ልምድታት፣ እሴታት፣ ሃፍትታትን ኣባላት ማሕበረሰብ ዝተፈላለዩ ብምኾኑ እዩ።
- ማሕበረሰብ ኣብ ቀረፅፃን ትግበራን ፕሮጀክት/ ፕሮግራም ምስታፍ፤ ዝሕንፀፁ ስትራተጅታት ንኣባለት ማሕበረስብ (ደቂ ኣንስትዮ ፣ ህፃናት፣ ኣረጋዉያን፣ መናእሰይን) ዝሰማምዑን ተቐባልነት ዘለዎም ክኾኑ ይገብሮም።
- ተሳትፎ ማሕበረሰብ ብተወሳኺ ሓበራዊ ሓላፍነት ወሃብቲ ግልጋሎት፣ ኣባት ማሕበረሰብን (ደቂ ኣንስትዮ ፣ ህፃናት፣ ኣረጋዉያን፣ መናእሰይን) ክህሉ ይገብር።
- ማሕበረሰብ ሓደ ፕሮጀክት ዋንነት እንትህልዎ እንተዘይህልዎ ካብ ዝገብሮ ብዝለዓለ ሃፍትታቱ የበርክት፡ ፡ ብሕብረት ብምስራሕ ንፕሮገራማት፣ ግልጋሎታትን ፖሊሲታትን ተጣባቕነቱ ዝዓበይ ይኾን።
- ኣብ ምርግፅ ተሓታትነት መምሕድዳር፣ ግልጋሎታት፣ ፖሊሲታትን ፕሮገራማት ግደ ተሳትፎ ማሕበረሰብ ዝላዓለ እዩ።
- ተሳትፎ ስልጣን ማሕበረሰብ ብፍላይ ካዓ ተጣቀምነቶም ትሑት ዝኾኑ ኣባላት ማሕበረስብ ኣብ ምሕያል ግሉህ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።

**ናይ ተሳትፎመንገድታት**

| **ናይ ተሳትፎ መንገዲ** | **ዓይነት ተሳትፎ** | **ደጋዊ ቁፅፅር** | **ዕድል ዘላቕነት፣ ከባብያዊ ስጉምቲን ዋንነትን** |
|---|---|---|---|
| መረፃ | ብዕጫ፣ ሓቀኛ ስልጣን ወይ ዉን ኣበርክቶ ዘይብሎም ተወከልቲ ምምራፅ። | XXXXX | |
| ሕጊ ንምምላእ | ሓላፍነት ምስ ጥቕሚ ተኣሳሲሩ ኣንተወሃብ። ናይ ደገ ኣካላት ዝኾኑ ኣካላት ወኒናት ይዉስኑን ተግባራት መምራሐን። | XXXX | X |
| ብምምኻር | ከብብያዊ ኣራኣእያታት መምእባል።<br>ናይ ደገ ኣካላት ኣብ ምትንታነን ናይ ትግበራ ኣንፈት ይሕብሩን። | XXX | XX |
| ብምትህብባር | ናይቲ ከባቢ ሰባት ምስ ናይ ደገ ኣካላት ብሓባር ቀዳምነት ዘወሃቦም ነገራት የለልዩ።ሓላፍነት ናይ ደገ ኣካላት ምምራህ ተግባርት ይኾኑ። | XX | XXX |
| ብምምህሃር | ናይቲ ከባቢ ሰባት ምስ ናይ ደገ ኣካላት ክእለታ ብልዉዋጥ ናይ ባዕሎም ኣረዳድኣ ይፈጥሩን ብሓባር ብምኽን ናይ ደገ ኣካላት ኣሳላጥነት ትልሚ ትግበራ ስራሕቶም ይሕንፅፁ። | X | XXXX |
| ሓበራዊ ስጉምቲ | ናይቲ ከባቢ ሰባት ዋኒናቶም ባእሎም ብምልላይ ተግባረት ምዉፋር ሃፍትታቶም የከናዉኑ። ናይ ደገ ኣካላት መሳልቲ ወይ መለዓዕልቲ ኣይኾኑን ከም ኣድላነት ናይቲ ከባቢ ሰባት ጥራሕ ። | | XXXXX |
| ምብቃዕ ማሕበረሰብ | እዚ ዝላዓለ ብርኪ ሓባራዊ ስጉምቲ እዩ።<br>ማሕበረስብ ዋኒናቱ ባዕሉ ይዉስን ስጉምታት ናይ ምምራፅ ናብ ተግባር ብድልየቱ መሰረት ናይ ምሽራፍ ዓቕሚ ኣለዎ፤ ስለዚ ናይ ደገ ኣካላት ከም ሃደ ኣካል ሃፍቲ (ናይ ፍልጠት፣ ነዋቲን ፋይንነሳዉን ምንጪ) ብምዉሳድ ከከም ኣድለያነቱ ይጥቀመሎም | | XXXXX+ |

## 3.2 ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ

ዋኒን ምብቃዕ ኣብ ከባቢ መንፈቕ 1980ታት patriarchy ንምዉጋድ ዓሊም እዩ ተጀሚሩ። 1990ታት ብዛዕብኡ ካብ ምሕሳብ ብዝዘለለ ሓበራዊ ዉልቃዉን ናይ ስግግር ተግባር ማዕቢሉ።

ኣብ 1995 ኣ/ፈ መበል ራብእይ ኮንፈረንስ ቤጂንግ፣ ምሕያል ደቂ ኣንስትዮ ንስፍሕ ዝበሉ ተዓደምቲ ሰብ ስልጣንን ተግበርቲ ኣካላትን ኣብ ዘተረኸበሉ መድረኽ ወኒን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ተዘትዩሉ። ኢትዮጵያ ሓዊሱ 189 ሃገራት ዋዕላን መደረኽን ቤጂንግ ተፈራሪመን።

ምብቃዕ ማለት ናይ ዉልቀ ሰባት ወይ ዉን ጉጅለ ሰባት ዉሳነ ናይምሃብን ዉሳነታቱም ዝደልይዎም ተግባረት ነምፍፃም ናብ ዝኽእሉሉ ደረጃ ዉፅኢት ናይ ምልዋጥን ዓቕሚ ምዕባይ እዩ(ከም ብያነ/ ደፍኒሽ WB)። “ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ” ዝብል ሓረግ ኣብ ምህዋር ዋኒናት ስነ ፆታን ማዕርነት ብበዝሒ ዝዝዉተር እንትኾን ኣብዚ ክሊ ዝወሃቦ ትርጉም- ቁጠባዊ ምብቃዕ፣ ፖለቲካዊ ተሳትፎን ትምህርቲ ደቂኣንስትዮ ህፃናትን እዩ። ከም ብያነ ትካል ሰነ ፆታን ማዕርነት ኣዎሮፓ፤ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ኣንሰትዮ ስልጣን ክህልወንን ናይ ሂወተን ተቖፃፀርቲ ባዕላን ክኾነን ዓቅሚ ምሃብ ስልታዊ ዉሳነ ከማዕብላ ናይ ምርግጋፅ ከይዲ እዩ።ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ሓሙሽተ ክፍልታት ኣለዉዎ፡

1) ደቂ ኣንስትዮ ንነብሰን ዋጋ ናይ ምሃብ ስምዒት (ስምዒት ዐረስ ጠቓምነት)
2) ዉልቀ ምርጫ ናይ ምሓዝን ምዉሳንን መሰል
3) ካብ ዕድላትን ሃፍትታት ተረባሕቲ ናይ ምኾን መሰል።
4) ሂወተን ናይ ምቆፀፃርን ምዉናን ስልጣን ማለት እዉን ኣብ ዉሽጢ ገዛአን(ስድረአን) ይኹን ደገ።
5) ዝበለፀ ቁጠባዊ ፍትሓዉን ስርዓትን ነምምፃእ ኣብ ሃገራዉን ዓለም ለኻዉን ማዕበራዊ ናይ ለዉጥታት ኣንፈት ተፅእኖ ናይ ምሕዳር መሰል እዩ።

ኣብዚ ዋኒን እዚ ትምርቲ፣ ስልጠና፣ ምዕባይ ኣፍልጦ፣ ምእባይ ዓርሰ እምነት፣ ምስፋሕ መማረፅታት፣ መምዕባይ ተበፃሕነትን እድል ምዉናን ሃፈትን ከምኡዉን ፆታዊ ምድላዉን ኢማዕርነታዉነትን ንምዉጋድ ሓልዮም ክኸዱ ዘኽእሉ መሓዉራዊ ትካለዉን ስግግርን ኣገደስቲ መሳርሕታት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ምርግጋፅ መሰላተንን እዮም።

ካብቶም ብዙሓት መሕቐፋት(ፍሬም ዎርክስ) ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብ ኬር ዝማዕነለ(ዝተዳለወ)፡ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ማለት ንምግሃድ ሙሉእ ሰብአዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዝግበሩ ለዉጥታት ድምር እዩ፤ ዝብል ብያነ ሂቡዎ። ማለት እዉን ዉፅኢት ምትእሳሰር-




**ዓርሰ ዉክልና**፡ ናይ ባዕላ ተበግሶን፣ ክእለት ምጥራይ ሃፍትን ወሳንነትን።
**መሓዉር** ፡ ኣብ ምረጫታታ ፅለዋ ዘሕድሩ ከባብያዊ ዋና (ሕጊ፣ ፖለቲካ፣ ትካላዊ ዉክልናዊ ...)
**ርክብ፡** ኣብ ጉዕዞ ንዘጋጥምዋ ኣካላት (ሰብኣያ፣ ማሕበረሰብ፣ ሀገር ...) ንምድርዳር ብረተዐ ዝኾንዋ ርክባት ዋሰንነት።

እቶም ክብታት (ኣብቲ ምስሊ ዘለዉ) እንትደራረቡ ኣብ ሞንጎ ዘፍጠር ሓበራዊ ቦታ እናሰፈሐ ብዝኸደ መጠን ዘለዓለ ፆታዊ ማዓርነት የመላኸት ስለዚ ዝለዓለ ምብቃዕ ደቂ ኣስትዮ (ብፖለቲካዊ፣ ሰነልቦናዊ፣ ማሕበራዊ/ባህላዊን ቁጣባዉን) ይህለዉ።

| ዉክልና | መሓዉር | ርክብ |
|---|---|---|
| 1. ምስሊ ባዕልኻ፣ ዓረሰ-ግምት<br>2. ኣፍልጦ ሕግን መሰለን<br>3. ሓበሬታን ክእለትን<br>4. ትምሀርቲ<br>5. ተቖፂርካ ምስራሕ፣ ጉለበትካ ንበዕልኻ ምዉናን<br>6. ናብ ስተፈላለዩ ህዝባዊ ቦታታት ምንቅሰቓስ<br>7. ኣብ ገዛ ፅልዋ ዘለዎ ዉሳነ ምሃብ<br>8. ምዉዳብን ተራ ምለዓዐልነት ምፅዋት<br>9. ምዉናን ንብረት<br>10. ኣካላዊ ጥዕናን ኣካላዊ ሙሉእነትን | 11. ናይ መርዓን መዉስበን ሕግታት፣ ደምብን ከንዉናትን።<br>12. ሕግታትን ኣተገባብራን ዜግነታዉነት<br>13. ሓብሬታን ግልጋሎትን ምርካብ<br>14. ፍትሒ ምርካብን መሰልካ ምርግጋፅ።<br>15. ዕዳጋ ምርካብ<br>16. መንግስታዊ ብጀታ<br>17. ፖለቲካዊ ዉክልና<br>18. ሲቪክ ማሕበራዊ ዉክልና | 19.ንቕሓት ዓርሰ ከኣልነት ባዕልናን ካልኦትን።<br>20. ናይ ምድርዳርን ምክእኣልን ልምዲ።<br>21.ናይ ምዉዳብን ምጥማርን ልምድታ<br>22. ሓላፍነትን ተሓታትነትን ምዉሳድ<br>23. ሓዱሽ ማሕበራዊ ቅጥዒ፡ ዝተፈለየ ዝምድናን ባህርን። |

ኣባላት ዋሽኮ ኣብ ምስልጣን ካብ 1 ክሳብ 9 ዘለዉ ዋኒናት ብቐጥታ ኣብ ዙርያ ዝፀለዉ ወድዓዊ ኩነታ ብዑምቀት ምይይጥ ምግባር ይከኣል።

## 4 ኣምር መሪሕነት ብብርኪ ኣብ ማሕበረሰብ

### 4.1 ኣምር መሪሕነት (CONCEPT OF LEADERSHIP)

ኣምር መሪሕነት ምስ ሓባራውነት ሰባት፣ ሕብረተሰብ፣ ጉጅለ ወዘተ. ኣዝዩ ዝተኣሳሰረን ካብኡ ፈሊኻ ዘይረአን እዩ። መሪሕነት እዘም ስዒቦም ዘለዉ ዝሓዘ እዩ።

- ኣብ ሰባት ፅዕንቶ ናይ ምፍጣር ተግባር ወይ ከይዲ እንትኸውን እቶም ሰባት ሽቶ ጉጅለ ንምዕዋት ብድሌት ንኽፅዕሩ ምግባር እዩ።
- ሰባት ሽቶታት ንኽመርፁን ንኸዕውቱን ኣንፈትን መምርሒን ክሕዙ ዝግበረሉ ከይዲ እዩ።
- ካልኦት ሰባት ጨቡጥ ዕላማታት ንኽሕዙ ናይ ምእማን ክእለት እዩ።

- ማሕበረሰባት ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ፅገማት ክፈልዩን ፍታሕ ክህቡን ምሕጋዝ እዩ።
- ምስ መንግስቲ፣ ኣጋራት ልምዓት፣ ትካላት ፋይናንስን ካልኦትን ኣብ ዝግበሩ ዘተታት ናይ ተገለጋላይ ማሕበረሰብ ድምፂ ምስማዕ።

ኣብ ታሕቲ ዝርከብ ቻርት ዝርዝር ዕዮታት ይሕብር፣ ኮይኑ ግና ኣብ መሪሕነት ጥራሕ ዝተሓፀረ ኣይኮነን። መሳለጥቲ ኣብ እዋን ስልጠና ሕድሕድ ሳንዱቕ እንታይ ከምዝብል ክገልፁ ይግባእ (እንተተኻኢሉ ብጭበጥ ኣብነት ዝተደገፈ ክኸውን ይግባእ)።




ብመንፅር ሓላፍነት ኮሚቴ ዋሽ እንትሽረፍ መሪሕነት ማለት ማሕበረስበ ትልሚ ከደሉ፣ ክዉደብ፣ ክትግበርን ግልጋሎታት ዋሽ ዘላቂ ብዝኾነ መልክዑ ክጥቀምን ፅለዋ ምግባር እዩ።

ኣብ ከይዲ እዋን ዝማዕበሉ ብዙሓት ፅንሰ ሓሳባት መሪሕነት ዋላ እንተሃለዉ፣ እቶም ቀፂሎም ዘለዉ ክልተፅንሰ ሓሳባት ንመራሕቲ ማሕበረሰብ (ከም ኮሚቴ ዋሽ ወይ ድማ ካልኦት ማሕበረሰባዊ ትካላት) ዝበለፀ ዝጠቕሙ እዮም።

| **ኣገልጋሊ መሪሕነት** (Servant Leadership) | **ኣብነታዊ መሪሕነት** (Exemplary leadership) |
|---|---|
| - "ቅድሚያ ሰባት" ዝብል መትከል እዩ።<br>- ኣገልጋሊ ንምዃን ኣብ ድሌት ዘተመስረተ ዉሳነ<br>- ቅድሚያ ግልጋሎት ዝሀብ<br>- ቅድሚያ ግልጋሎት ንድሌት ሰባት<br>- ንምምራሕ ከም ኣገልጋሊ ትሰርሕ<br>- ኣገልጋሊ መራሕቲ ንካልኦት ንምስራሕ ዓብዩ ድሌት ኣለዎም።<br>- ምስ ተኸተልትኻ ስልጣን ምምቓልን ኣብ ሕብረተሰብ ትሑት ደረጃ ንዘለዎም ጠመተ ምሃብን | - ሞዴል ምዃን፦ ቀጺሎም ብዘለዉ ሓሙሽተ ተግባራት<br>- ብኣሰራርሓ ምዴል ምዃን<br>- ምልዕዓል (ምትብባዕ) ንሓባራዊ ራእይ<br>- ከይዲ ትግብራ ምፍታን (ምፍታሽ)<br>- ካልኦት ንክሰርሑ ምብቃዕ<br>- መሳርሕትኻ መንፈሶም ክጥንክር ምብርትታዕ |

## 4.2 ሜላታት መሪሕነት (LEADERSHIP STYLES)

ሜላ መሪሕነት እቲ መራሒ ካልኦት ንምምራሕ ዝጥቀመሉ ስልጣን እዩ። ብዝተፈላለዩ ሰባት ዝትግበሩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሜላ መሪሕነት እንተሃለዉ እውን፣ ኣብ ኮሚቴ ዋሽ ክትግበሩ ዝኽእሉ ሰለስት ሜላታትመሪሕነት ኣብ ታሕቲ ቀሪቦም ኣለዉ።




**ሀ. ቢሮክራስያዊ ሜላ ኣመራርሓ** (Bureaucratic Leadership Style)

- ብዝተፅሓፈ መምርሒ መሰረት የመሓድሩ።
- ኩሉ ነገር ብዝተቐመጠ ቅድመ ሰዓብ ወይ ፖሊሲ መሰረት (ኣብ ላዕሊ ተፀሪሖም ዘለዉ ንመልከት) ይትግበር።
- ሕጊ ክትግበር የገድድ።
- ኣብ ሕጊ ዘይሰፈረ ነገር ክፍፀም ናይ ግድን ኣይኮነን። ኣብ ሕልዉ ኩነታት መሰረት ዝገበረ ምላሽ ናይ ምሃብ ዕድል የብሉን።

**ለ. ጨቋኒ ሜላ መሪሕነት** (Autocratic Leadership Style)

- "ኣነ ዝበልክዎ" ብዝብል ይፍለጥ።
- ንሓላፊ መሰረት ዝገበረ እዩ።
- ጥንታዊ ሜላ መሪሕነት እዩ።
- ካልኦት ሰባት ሓሳብ ከካፍሉ ዕድል ኣይህብን።
- ዶግማዊ (ፅዑንታዊ) ኣገባብ
- ኣብ ባይታ ምስ ዘሎ ኩነታት ናይ ምቅያር ዕድሉ ኣዝዩ ንእሽተይ ወይ ምንም እዩ።

- ካብ ሓደ ጉጅለ እቲ ዝድለ ውፅኢት ንምርካብ ተመራዒ ሜላ ኣይኮነን።
- ካልኦት ኣባላት ጉጅለ ንክሰርሑ ብምፍርራሕ ወይ ብመቕፃዕቲ ዝተደገፈ ፅዕንቶ የሕድር።
- መራሒ ድኹም ክእለት ምድማፅ የርኢ።
- እቲ ምራሒ ግጭት (ዘይምስምማዕ) ሰራሕተኛታት ንውልቀ ረብሓ ይጥቀም።
-

ብመንፅር ዋሽኮ ናይ ምሃብ ስልጣን ሙሉእ ብሙሉእ ኣብቲኣቦ መንበር እዩ፤ ከም ውልቀ መላኺ። ካብ ካልኦት ኣባላት ኮሚቴ ዋሽ ወይ ማሕበረሰብ ዝኾነ ሓሳብ ናይ ምቕባል ተበግሶ የብሉን።እዚ ዓይነት ሜላ መሪሕነት ጠቓሚ ክኸውን ዝኽእል ቅልጡፍ ዝኾነ ውሳነ ንምሃብ ኣገዳዲ ኩነታት እንትህልው፣ ሓደ ሰብ ጥራሕ ክውስኖ ዝግባእ እንትኸውን እዩ።

### ሐ. ዲሞክራስያዊ ሜላ መሪሕነት (Democratic Leadership Style)

- ኣሳታፋይ ሜላ ተባሂሉ ይፅዋዕ።
- ኣብ ትሕቲ መራሒ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዘለዎም ነገር ዘወፍይሉ እዩ።
- ኣባላት ጉጀለ ኣብ ውሰነ ምሃብ ክሳተፉ የበረታትዕ።
- ፍሉይ መግለፂ እዚ ሜላ መሪሕነት ልውውጥ ሓሳብ ካብ ላዕሊ ንታሕትን ካብ ታሕቲ ንላዕልን እዩ (ኣቦ መንበር፣ ካልኦት ኣባላት ኮሚቴ ዋሽን ተገልገልቲ ማሕበረሰብን)።
- ብጣዕሚ ተመራፂ ካብ ዝኾኑ ሜላታት መሪሕነት እቲ ሓደ እንትኸውን፤ ፍትሓውነት፣ ፈጣራይነት፣ ትብዓት፣ ፍልጠትን ሓቃውነትን ዝሓዘ እዩ።

## 4.3 ዓሰርተ መለለዪ ባህርያት ዓበይቲ መራሕቲ ማሕበረሰብ

ግደን ሓላፍነትን ሕድሕድ ኣባላት ኮሚቴ ዋሽብዘየገድስ፤ ኩሎም ኣባላት ንባዕሎም ከምመራሕቲ ማሕበረሰብ ብምቑፃር ነዞም ዝስዕቡ ባህርያት ከማልኡ ይግባእ።እቶም ዓሰርተ ባህርያት ቅድሚ ምቕራብካ፣ ተሳትፍቲ ካብ ዘለዎም ተሞክሮ ባህርያት መራሕቲ ማሕበረሰብ ክዝርዝሩ ግበር።

### 1. ዓርስኻ ምግንዛብ (Self-awareness)

- ካልኦት ቅድሚ ምምራሕ፣ ሓደ መራሒ ዘለዎ ክእለት ክፈልጥ ይግባእ።
- ጥንካረኻን ድኽመትካን ምፍላጥ።
- ዘለካ ጥንካረ ምዕባይ፤ ካብ ካልኦት ሓገዝ መኣዝ ከምትረክብ ምፍላጥ።
- ነዓኻ ዝምጥን/ዝሰማማዕ ነገር ምእላሽን ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ከመይ ከምትጠቀመሉም ምፍላጥን፡

### 2. ንምምሃርን ንምልማድን ድልየት ምሕዳር (Eagerness to Learn and Adapt)

- ብዛዕባ ሓደ ኩነታት ኩለመዳያዊ ግንዛብ ዘይክህልወካ ይኽእል።
- ንምድማፅ፣ ንምምሃርን ዓርስኻ ንምልዋጥን ድልው ምኳን።
- ብምክብባርን ፍልጠትካ ብምክፋልን ኣባላት ማሕበረሰብ ጠቐምቲ ከምዝኾኑ ምርኣይ።

### 3. በምፅር ኣራኣእያ ካልኦት ምግንዛብ (Empathy)

- ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ኣብ ግምት ስለዘእትው ናብ ዝሓሸ መሪሕነት የብፅሕ።
- ናይ ዝተፈላለዩ ኣካላት ስምዒት ኣብ ግምት የእትው።
- ዝተፈላለዩ ግንዛበ/ኣረዳድኣ ሰባት ኣፍለጦ ይህብ።

4. **ሓቀኝነትን ምሽጥር ምዕቃብን** (Honesty and Integrity)

- ፅቡቕ መራሒ ብመሳርሒቱን ብማሕበረሰብን ተኣማኒ ክኸውን ይግባእ።
- እምነት ውፅኢታዊ ዝኾነ ምይይጥ ክህልውን ለውጢ ንምምፃእን ይሕግዝ።
- ብዘይ ሓቀኝነትን ምሽጥር ምዕቃብን ምትእምማን ኣይህሉን፣ ምክብባር ይንኪ፣ ከምኡ እውን ውፅእታውነት ይጠፍእ።

5. **ውፉይነት** (Dedication)

- ሓላፍነት መራሒ ማሕበረሰብ እስካብ ለውጢ ዝመፅእ ውፉይ ኮይንካ ምስራሕ የካትት፡
- ፍቓደኛ ኮይንካ ንምስራሕ ዝውዕል ግዘ ንማሕበረሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመራሒ እውን ረብሓ ኣለዎ።

6. **ግልጋሎት** (Service)

- ፍቓደኛታት ንማሕበረሰቦም ብዝስዕቡ መንገድታት ክሕግዙ ይኽእሉ።
- ምትእክኻብ ገንዘብ ወይ ኣቕሑ ብምሻጥ ገንዘብ ምእካብ።
- ምእካብ፣ ምድላው፣ ምስርጫውን ምሃብን መግቢ።
- ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ጉልበት ስራሕቲ ወይ መጎዓዝያ ምስታፍ

7. **ክእለት ርክብ ሰብ ምስ ዝምድና** (Interpersonal Skill)

- ናይ ምርድዳእ ክእለታት ኣብነት፡ ምድርዳር፣ ሞነረጎኛ/መማእኸልነት፣ ብንቕሓት ምስማዕ/ምድማፅን መርተዖታት ብዘተወናጀወ መንገዲ ምስንዳእን ምምሕልላፍን፡
- ክእለት ምትሕብባር ማለትም ምስ ካልኦት ሰባት ብምስራሕ ውፅኢታዊ ምዃን እዩ።
- መራሕቲ ማሕበረሰብ ሓደ ነገር ንምንታይ ጠቓሚ ከምዝኾነ ይገልፁ ከምኡ እውን ሰባት ለውጢ ንከምፅኡ ብኸመይ ከምዘመቻችዉ ይዝርዘሩ።

8. **ንመፃኢ ምሕሳብ** (Forward Thinking)

- ውፅኢታዊ መራሒ ኣስፈሑ ይሓስብ፣ መፃኢ ግዘ ይእምት፣ ኣብ ኣእምርኡ ሸቶ የቐምጥ።
- ሓደሽቲ ፈጠራታትን ክእለት ብዕምቆት ምሕሳብን የማዕብል።
- ዘለቄታዊ(ስር ነቀል) ለውጢ ንምምፃእ ማለት እቲ ቀፃሊ ትውልዲ ምስታፍ ምዃኑ ምፍላጥ።

9. **ንፉዕነት** (Intelligence)

- ሓደ መራሒስምዒታዊ፣ ማሕበራውን ኣተሓሳስባውን ንፉዕነት ክህልዎ ይግባእ።
- መራሒ ብቕዓት ሰራሕተኛታት ከማእብል ይግባእ።

10. **ምትብባዕ** (Motivation)

- ውፅኢታዊ መራሒ ካልኦት ብምትብባዕ ኣብ ህይወቶምን ኣብ ማሕበረሰብን ለውጢ ከምፅኡ የተባብዕ፡
- መለዓዓሊ መራሒ ካልኦት ሰባት ማሕበረሰቦም ንምምሕያሽ ንኽሰርሑ ይገብር።

## 5 ክእለታት መሪሕነት (LEADERSHIP SKILLS)

### 5.1 ክእለት ምርድዳእ

#### 5.1.1 ክእለት ምድማፅ (Listening Exercise)

ስራሕትና ንምዕዋት ብጉጅለ ካብ ምስራሕ ብተወሳኺ ልምዲ ምድምማፅ ክነዕቢ ይግባእ። ኣብ መንጎ ሕድሕድ ኣባላት ዝህልው ብትኹረት ምድምማፅ እቲ ጉጅለ ኣብ ኣድላይነት ምድምማፅ ዘለዎ ኣመለኻኽታ እናዓበይ ይመፅእ።

ኣብ ቴክኒካት ምድማፅ ቅድሚ ሓሳብ ምሃብካ ተሳተፍቲ ሰለስተ ግደኻ ምስራሕ ክሰርሑ ይግባእ። ኣብ ሕድሕድ ፀዋታ ክልተ ሰባት ክሳተፉ እዮም።

ሀ)ንምልምማድን ንምቕራብን 15 ደቒቕ የድሊ።

ለ)ዘድሊ መሳርሒ፦ ሰፊሕ መንቀሳቐሲ በታ።

ሐ)ኣቀማምጣ፦ ኩሎም ተሳተፊቲ እቲ ፀዋታ ንምርኣይ ገ፣ም ናብ መድረኽ ብምግባር ይቕመጡ። ሓደ ሰብ ነቲ ካሊእ ሰብ ትኹረት ከይሃበይዘረቦ። እቲ ካልኣይ ሰብ ድማንምዝራብ፣ ሕቶ ንምሕታት፣ ንምምላስ፣ ኣስተያይት ንምሃብ ብዙሕ ግዜ ይፅዕር። እቲ ናይ መጀመርታ ተዛራባይ ዕድል ከይሃበ እንትቕፅል እቲ ካልኣይ ድማ ፀጥ ይብል።

ኣብ ካልኣይ ፀዋታ ድማ ክልተ ሰባት ተራኺቦም ክልቲኦም ብዛዕባ እንታይ ከምዝጭነቑ ምዝራብ ይጅምሩ። ክልቲኦም ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ይዛረቡ። ክልቲኦም ብዘይምድምማፅ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ይዛረቡ።
ኣብ ሳልሳይ ፀዋታ ድማ ክልተ ሰባት ተራኺቦም ዘተ ይጅምሩ። ሕድሕዶም በቢ ተራ ሕቶ ይሓቱ፣ ይደማመፁ፣ መልሲ ይህቡ።

ኣሳላጢ እዚ ስልጥና ተሳተፍቲ ኣብ ሕድሕድ ፀዋታ እንታይ ከምዝተዓዘቡ ይሓትት። ሕድሕድ ፀዋታ ዘለዎም ጥንካረን ድኽመትን ክገልፁ ይገብር።

ኣብ መወዳእታ፣እዞም ስዒቦም ዝተገለፁ ማሕለኻታት ፅቡቕ ምድማፅን መፍትሒ መንገድታትን ግለፀሎም።

1. **ዘተቐራረፀ ኣቓልቦ /ብሓሳብ እትዉ ዉፅእ ምባል** - ከክንዲ ፅን ኢለካ ምድማፅ፣ እቲ ዘረባ ምስቲ ተዛራባይ ምትእስሳርን ምድምዳምን፤ ውልቀ ጉዳይካ፣ ስግኣታት፣ ፀገማት ብምዝራብ ግዘኻ ምውዳእ።
   ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ነቲ ዘረባ ብኣቓልቦ ብምድማፅ፣ ኣካላዊ ምንቅስቓስ እቲ ተዛራቢ ብምዕዛብ ወዘተ ይኽውን።

2. **ብሕርቃን መንፈስ ምድማፅ** - ሓደ ሓደ ቃላት ንገለ ሰባት መሕረቕቲ እዮም።.ንካሊእ ክሰምዑ እንተለዉ ይበሳጨዉን ጠጠው ከብልዎም ይፅዕሩን። እዞም ዘበሳጭዉ ቃላት ወይ ሓሳባት ከከም ሰቡን ከባቢኡን ይፈላለዩ። ንኣብነት "ባርያ" ዝብል ቃል። ሓደ ሓደ ቃላት ዓብዪ ስምዒት ዝፈጥሩ እዮም። ከምዚ ዝበሉ ዘረባታት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ተዘተይቲ ዘይምርድዳእ ይፈጥሩ። ኣይኖት ወረዳታት ነቲ ተዛራባይን ኣዳማፅን ቀይሕ መስመር ምሕላፍ (red flag) ከምዝኾኑ ምፍላይ የድሊ።

3. ናይ ቃልዓለም ምድማፅ (Open Ears-Closed Mind Listening) – ሓደ ሓደ ግዘ ኣዳመፅቲ እቲ ተዛራባይ ወይ እቲ ኣርእስቲ መሰልቸዊ ከምዝኾነን ረብሓ ከምዘይብሉን ቀልጢፎም ኣብ መደምደምታ ይበፅሑ። እቲ ዘረባ ሓዱሽ ነገር ስለዘይብሉ ዘይምድማፅ ከምዝሕሽ ኣብ መደምደምታ ይበፅሑ።

4. **ብጎቦ ልቢ ምድማፅ** (Glassy-eyed Listening) - ሓደ ሓደ ግዘ ኣዳመፅቲ ብትኹረት ዘዳምፁ ይመስሉ፤ ኮይኑ ግና ኣእምርኦም ኣብ ካሊእ ነገራት ይፅመድ። ኣብ ናይ ባዕሎም ሓሳብ ውሽጢ ብምእታው ይሕምሱ። ሓደ ሓደ ተሰተፍቲ ኣብ ሕልሚ ዝኣትዉ እንተኾይኖም ወይ ኣእምርኦም ምስቲ ተዛራባይ እንተይዘይኮይኑ ምእንታን ናባና ክንምልሶም ዕረፍቲ ክንገብር ወይ ፍጥነት ክንንክይ ይግባእ።

5. **ብኣይምጥነን ኣራኣእያ ምድማፅ** - እቲ ኣዳማፃይ ነቲ ዘዳምፆ ሓሳብ ብጣዕሚ ዝተሓላለኸ እንተመሲልዎ ፀገም ይፍጠር እዩ። መብራህርሂ ምሕታት ነዚ ፀገም ክቀርፎ ይኽእል።

6. **ዘይወሓጠልና/ዘይነቐበሎ እንተኾን ዘረባ ዘይምድማፅ** (Don't Rock the Boat Listening) - ብዙሓት ሰባት ዝፈትይዎ ሓሳብ፣ ኣመለኻኽታ ወዘተ ዝቃወሞም እንትረኽቡ ሕጉሳት ኣይከውኑን። ስለዚ እቲ ተዛራቢ ምስ ናይ ኣድማፂ ሓሳብ/እምነት ዝጋጨው ገለ ነገር እንትብል፤ እቲ ኣዳማፂ ኣብ ስምዒት ብምእታው ምድማፅ ጠጠው የብል ወይ ነቲ ሓሳብ ምቅዋም ይጅምር። ናይቲ ተዛራቢ ሓሳብ ንምርዳእ መጀመርታ ነቲ ዘረባ ሙሉእ ብሙሉእ ምድማፅ የድሊ። ሃናፂ ዝኾነ ግብረ መልሲ ይስዕብ።

ቅድም ኢሎም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ነጥቢታት ብቐሊል መንገዲ ድሕሪ ምግላፅ ኣብ ዕለታዊ ሂወቶም ተመሳሳሊ ተመኩሮ እንተድኣ ሃልይዎም ሕተትዎም። ነንሕድሕዶም ኣብ ዝዘራረብሉ እዋን ከምዙይ ዓይነት ምይይጥ ናይ ዋሽኮ መራሕቲ ናይ ምድማፅ ክእለቶም ንከመሓይሹ ዓብይ ሓገዝ ኣለዎ።

**ኣብ እዋን ምድማፅ ክኾነዝግባኡን ዘይግብኡን ነገራት**

| ኣብ እዋን ምድማፅ ክከናወኑ ዝግበኦም ነገራት | ኣብ እዋን ምድማፅ ክዉገዱ ዝግበኦም ነገራት |
|---|---|
| • ድልየት ምርኣይ<br>• ትዕግስቲ ምህላው<br>• ምርዳእ ምኽኣል<br>• ሚዛናዊ ምኻን<br>• ትርጉሙ ተሎ ኢልካ ምፍላጥ<br>• ናይ ተናጋሪ ሓሳብን ርኢቶን ናይ ምፍጣር ዓቕሚን ድልየትን ምሕጋዝ<br>• ፀጥታ ኣብ ዘድልዮ ግዘ ፀጥተኛ ናይ ምኻን ዓቕሚ ምዕባይ | • ተናጋሪ ምግዳድ<br>• ምክርኻር<br>• ምቁራፅ<br>• ቸኩልን ፈጣንን ዉሳነ ምምሕልላፍ<br>• ዘይተደለየ ምኽሪ ምልጋስ<br>• ናብ ድምዳም ምህፃፅ<br>• ናይ ተናጋሪ ስምዒት ምጉዳእ |

### 5.1.2 ኣብ ጉጅለ ክረአ ዘለዎ

ሀ. ንተዋሳእቲ ትእዛዝ ንምሃብን እቲ ተዋስኦ ንምክንዋንን ዘድሊ ግዜ: 20 ደቒቓ

ለ. ዘድልዩ ኣቑሑት : ፍሊፕ ቻርትን ማርከርን መስታወሻ ንዝፅሕፉ

ሐ. ኣቀማምጣ: ኩሎም ተሳተፍቲ ክቢ ሰሪሖም ገፆም ናብቲ መድረኽ ጌሮም ክልተ ጉጅለ ይፈጥሩ።

ናይዚይ ርእሲ ዓላማ ተሳተፍቲ ኣብ ዙርያ ሓሳብ ምቅይያር ጥልቀት ዘለዎ ግንዛበ ከዕብዩን ንምሕጋዝን ኣንቲ ናይ ጉጅለ ምኽክር ዘሎ መንፈስ ንምርዳእን እዩ። እዚይ ኣብ እንገብረሉ ግዘ እዞም ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ጉዳያት ክንርዳእ ይግበኣና።

1/ መን ይዘረብ? ንክንደይ ዝኣክል ግዘ? ንመበል ክንደይ ግዘ?

2/ ሰባት ኣብ ዝዘረብሉ ግዘ እንታይ ይመስሉ?

ሀ/ ዉልቀ ሰባት በተለይ ደገፍቲ

ለ/ እቲ ጉጅለ ምዕዛብ?

ሐ/ ዋላ ሐደ?

መ/ እቲ ጣራ?

3/ መነ ድሕሪ መን ይዘረብ ወይ ከዓ መን ንመን የተኣጎጉሎ?

4/ እንታይ ዓይነት ናይ ዝርርብ ስለቲ ይጥቀሙ?

ሀ/ ጠንካራ ቃላት ለ/ ሕቶታት ሐ/ ናይ ድምፂን ኣካላውን ጉዳያት ወዘተ

እቲ ዝግበር ክትትል ጠቃሚ ሐበሬታ ብዝሀብ መልክዑ ክከዉን ኣለዎ። ንኣብነት መን ንመን ክመርሖ ኣለዎ ወይከዓ መን ኣብ ልዕሊ መን ፅዕንቶ ከሕድር ኣለዎ?

መድረኽ መራሒ እቶም ተሳተፍቲ ናብ ክልተ ጉጅለ ክምቀሉ (ሕድሕድ ጉጅለ ካብ 5 ክሳብ 7 ኣባላት ዝሓዘ) እና ክቢ ሰሪሖም ከፍ ክብሎን ብዘዕባ እቲ ዝተወሃበም ርእሲ ምይይጥ ከካይዱን ይሓትት (ንኣብነት ኣብ ዝነብርሉ ቀበሌ ናይ ማሕበረሰብ ተሳትፎ ንማይ ምሕደራ ክንዳይ ግዘ ክእከብ ከም ዘለዎ ወይከዓ ኣብ ቀፅሪ ቤተ ክርስቲያን/ መስጅድ ዉሽጢ ሽንቲ ቤት ምስራሕ የድሊዶ ወይስ ኣየድልን)።

ክልተ ተዓዘብቲ ናይ ሕድሕደ ጉጅለ ምይይጥ ይምዝግቡ። እዞም ተዓዘብቲ ዝተፈለየ ተናጋሪ እንትዛረብ መስመር ይስምሩ። እንድሕር እቲ ዝርርብ ብቀጥታ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ ሰብ ኮይኑ መን ንመን ከም ዝዘረቦ ዘርኢ ሓደ ቀጥታዊ በዓል ቀሰቲ መስመር ይስመር። እቲ ሓበሬታ ብቀጥታ ነቲ ጉጅለ እነተድኣ ኮይኑ በነጠብጣብ ናብቲ ክቢ ዘምርሕ መስመር ይስመር። ነቲ ጉጅለ ን15 ደቂቃታት ድሕሪ ምክትታል እቲ ዝተስኣለ መስመር እንታይ ከም ዝመስል ክሪእዎ ምግባር። እቲ ዝስዕብ ንኣብነት ዝቀረበ እዩ።



እቲ ምሰሊ ብምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ተመያየጡ።

1. ኣብቲ ምስሊ እንታይ ዓይነት ናይ ሓሳብ ልውውጥ ኣሎ?
2. እቲ ሓሳብ ልውውጥ በየናይ መልክዑ ናይቲ ጉጅለ ህይወትን ሰራሕን ይሕግዝ ወይከዓ ይፀሊ?
3. መን በዘሒ ግዘ ተዛሪቡ መንሰ ዝበዝሐ ግዘ ስቅ ኢሉ ነይሩ? በዚ መሰረት እቲ መተሓባበሪ ዋሽኮ መራሕቲ ክግደስሉ ዝግበኦም ነገርነ ኣን እዋን ናይ ጉጅለ ኣኼባን ናይ ካሊእ ክፋል ሕብረተሰብን ኣኼባ መን ከም ዘይሳተፍ መን ኣብ ዉሳነ ምሃበ ዝሓሸ ከምዝነጥፍን ንኽፈልጡ ዝሕገዝ ሓበሬታ ይህብ። እዙይ ከዓ ኣን ምሃብን ምቅባልን ርእይቶ ዘሎ ድኽመት ንምቅራፍ ይሕግዝ።

## 5.2 ኣብ ኣረዳድኣ ዘሎ ኣፈላላይ ምግንዛብ

### 5.2.1 ናይ ገዛ መልመዲ

ሀ. ንተዋሳእቲ ትእዛዝ ንምሃብን እቲ ተዋስኦ ንምክንዋንን ዘድሊ ግዘ: 15 ደቒቓ
ለ. ዘድልዩ አቑሑት : 2 ወናብር ኣቀምጥ። እቲ ሓደ ናብ በሪ ገፅ ዝርኢ እቲ ካልኣይ ድማ ቅድሚ እቲ በሪ ዝርከብ መንድቅ ዝርኢ
ሐ. አቀማምጣ: ኩሎም ተሳተፍቲ ናብቲ ወንበር ገፆም ይገብሩ።

ናይዙይ መልመዲ ዋና ዓላማ እቶም ተሳተፍቲ ነንሕድሕዲኦም ነገራት ዝሪኡሉ መንገዲ ከም ዝፈላለ ክርድኡ ምግባር እዩ ። እዚ መልመዲ እዙይ 3 ፍቃደኛታት ብምስታፍ ክስራሕ ይገበር። ክልቲኦም ተዋሳእቲ ገፅ ንገኝ ክረኣኣዩን እቲ ዝቀረየ ሳለሳይ ሰብ ናብ በሪ ገፅ ክርኢ ይገበር። ካብኡ ንደሓር እቲ ሳልሳይ ሰብ ካብ ሓደ ገፅ ብምምፃእ "እቲ በሪ ኣበይ ኣሎ" ኢሉ ይሕተት። እቲ ገፁ ናብ በሪ ገይሩ ዝተቀመጠ ሰብ "ብቅድሚት" ዝብል መልሲ እንትህብ እቲ ሕቑኡ ንበሪ ገይሩ ዝተቀመጠ ተዋሳኢ ድማ "ብድሕሪት" ዝብለ መልሲ ይህብ።ካብዙይ ስዒቡ ንተሳተፍቲ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ይቀርቡ።

1. መን እዩ ትክክልኛ? ነቲ ሳልሳይ ተዋሳኢ ኩሎም መልሳታት ትክክል ክኾኑ ኣይኽእሉን። ምኽንያትም እቲ በሪ ኣብ ጎኑ እምበር ኣብ ድሕሪኡን ቅድሚኡን ኣይኮነን።
2. እዚ ሓፂር ታሪኽ እንታይ መልእኽቲ ኣለዎ?
3. ምስ ትኽክለኛ ህይወት እንታይ ዘራኽብ ነገር ኣለዎ?
4. እቶም ምልከታና ክፈላለ ዝገብሩ ነገራት እንታይ እዮም?
5. ብጉጅለ ኣብ እንሰርሓሉ ግዘ እንታይ ዝጠቅም ነገር ታሪኽ ኣለዎ?

ኣብዚ ሰዓት እዙይ እቲ መተሓባበሪ ቅድሚ ናብ ድምዳመ ምብፃሕና ዝግባእ ግዘ ብምዉሳድ ካልኦት ዘይረኣይዎ ነገር እንታይ ምኻኑ ክንፈሊ ከም ዘለና ክሕብር ኣለዎ።

### 5.2.2 ኢ (E) ጨዋታ

ሀ. ንተዋሳእቲ ትእዛዝ ንምሃብን እቲ ተዋስኦ ንምክንዋንን ዘድሊ ግዘ: 10 ደቒቓ
ለ. ዘድልዩ አቑሑት : ካርድን ማርከርን
ሐ. አቀማምጣ: ኩሎም ተሳተፍቲ ጠጠው ይብሉ ወይከዓ ክቢ ብምስራሕ ኢ (E) ዝብል ካርድ ኣብ ማእኽል እቲ ክቢ እንትወድቅ ንምርኣይ ብዝኽእልሉ መንገዲ ኮፍ ይብሉ።

እቲ መተሓባበሪ እቶም ተሳተፍቲ ጠጠው ክብሉ ወይከዓ ክቢ ሰሪሖም ኮፍ ክብሉ ይገብር። ኣብ ዓብይ ወረቀት "E" ዝብል ፊደል ብምፅሓፍ ኣብ ማእኸል እቲ ክቢ ይቅመጥ። ድሕሪ እዙይ ተሳተፍቲ ካብmዘለውው ብምኻን ኣብቲ ወረቀት ዘሎ ፊደል እንታይ ምኻኑ ይሕተቱ። ከከም ኣቀማምጠኦም እቲ ፊደል "M" ' "W" ' "3" ወይከዓ "E" ከም ዝኾነ ይዛረቡ። እቶም ተሳተፍቲ ኮፍ መበሊቦቶኦም ኣብ ዝቅይሉ እዋን እቲ ቅድም ኢሎም ዝርኢዎ ዝነበሩ ፊደል ቀይሮም ከንብብዎ ይግደዱ። እዙይ ናይ ደቂሰባት ኣረኣእያ ከመይ ከም ዝቀያየር ዘርኢ ዓብዪ መምሃሪይ ከይዲ እዩ። ካሊእ መማረፂ ከዓ ሓደ ተሳታፊ ኣብቲ ማእኸል ክቢ ክቅምጥ ይግበር እሞ እቶም ተሳተፍቲ ከካብ ዘለዉዎ ቦታ ኮይኖም ዝረኣዮም ነገር ክዛረቡ ይግበር። እዞም 2 መልመዲታት ነቶም ዋሽኮ መራሕቲ ብዋሽኮ ማሕበረሰብ ዝንፀባረቅ ኣረኣእያ ዝተፈላለየ ምኻኑ ክርድኡ ዓብዪ ሓገዝ ኣለዎ።

## 5.3 ናይ ደቂሰባት ናይ ባህሪ ኣፈላላይ ምርዳእ

### 5.3.1 መልመዲ ብዙሕ ግደ

ናይዙይ መልመዲ ግደ ሰባት ናይ ባዕሎምን ናይ ጉጅለ ኣባላቶምን ባህሪ እንታይ ከም ዝመስል ልዑል ግንዛበ ክግልዎም ምግባር እዩ። እዙይ ዓይነት ናይ ባህሪ ኣፈላላይ ብምርዳእ ዝተፈላለየ ነፀብራቅ ካብ ዝተፈላለዩ ውልቀሰባት ንምርካብ ይሕግዝ።

ሀ. ንተዋሳእቲ ትእዛዝ ንምሃብን እቲ ተዋስኦ ንምክንዋንን ዘድሊ ግዘ: 40 ደቒቓ<br>
ለ. ዘድልዩ አቑሑት : ካርድ' ማርከርን ስኮች ቴፕን<br>
ሐ. አቀማምጣ: ኩሎም ተሳተፍቲ ቅድም ኢሎም ኮፍ ኢሎምሉ ኣበ ዝነበሩ ምኻን ዝኽዝሉ ኮይኖም እቲ መተሓባበሪ ዝቅፅሉ ኣከያይዳታት ብዝርዝር የፋልጥ።

ኣብዚ ሰዓት እዙይ እቶም ተሳተፍቲ ዝተፈላለዩ ናይ ጉጅለ ባህሪ ከም ዘሎ ብምርዳእ ከም ጉጅለ ብሓባር ኣብ ዝሰርሑሉ ግዘ ዘለዎ ፅዕንቶ እንታይ ከም ዝኾነ ንኽርድኡ ይሕግዞም።

እቲ መተሓባበሪ 3 ሰባት ዝሓዙ ጉጅለታት ክምስረቱን ጎኒንጎኒ ክቅመጡን ድሕሪ ምግባር ናብ ኣእምሮኦም ዝመፅሎም ናይ ባህሪታት ዝርዝር ኣብ ወረቀት ክስፍሩ ይገብር።

ድሕሪ እዙይ እቶም ወረቀታት ይእከቡ እሞ ብተደጋጋሚ ዝተፅርሑ ካብ 5 ክሳብ 7 ዝበፅሑ ባህሪታት ዋዕ ኢልካ ክንበቡ ይግበር። እቶም ብተደጋጋሚ ዝተፅርሑ ካብ 5 ክሳብ 7 ዝበፅሑ ባህሪታት ነንሕድሕዲኦም ኣብ ዝተፈላለየ ካርድ ክፅሓፉ ድሕሪ ምግባር ኣብ ዝተፈላለይ ኣንፈት ናይቲ መሰልጠኒ ኣደራሽ ክልጠፉ ይግበር።

ሕድሕድ ተሳታፊ ንባዕሉ ወይከዓ ንባዕላ ዝገልፃ ባህሪ ኣብ ዝተፅሓፈሉ ካርዲ ጥቃ ጠጠው ይብሉ ድሕሪ ምግባር ተመሳሳሊ ባህሪ ዝመረፁ ተሳተፍቲ ናይ ሓበራ ምይይጥ ክህልዎም ጌርካ ብዛዕባ ጠቃሚ ወይከዓ ተቀባልነቱ በሓደ ገፅ ብካሊእ ወገን ከዓ ዘይጠቅምሉ ወይከዓ ተቀባልነት ዘይብሉ ባህሪኦም ገለፃ ክገብሩ ይሕተቱ። ኣብ መጨረሻ እቶም ተሳተፍቲ ዝተፈላለዩ ናይ ጉጅለ ባህሪታት ምህላዎምን ሓቢርካ ንምስራሕ እዙይ ዓይነት ኣፈላላይ ከምዘሎ ምርዳእን ጠቃሚ ምኻኑ ክርድኡ ይሕግዝ።

### 5.3.2 ዉልቀን ናይ ሓበራን ነቐፌታ

ቅድሚ ብዛዕባ ነቐፌታ ዝብል ፅንሰ ሓሳብ ብቀጥታ ምይይጥ ምጅማር እቲ መተሓባበሪ እቶም ተሳተፍቲ ብዛዕባ እቲ ነቐፌታ ከም ፅንሰ ሓሳብ ዘለዎም ኣረዳድኣን ልምድን እንታይ ከምዝመስል ከብራህርሁ ዕድል ይህቦም። ካብዙይ ስዒቡ እቲ መተሓባበሪ ነቶም ተሳተፍቲ ዝሓሸ ናይቲ ፅንሰ ሓሳብ ትርጉም ይነግሮም።

_ ንናይ ጉጅለ ስራሕ ከጎልብት ዝኽእል ነቐፌታ እንትትርክብ ንምቅባል ቅሩብ ምኻን
_ ነቀፌታ ክንገር ዘለዎ እቲ ዝምልክቶ ኣካል ኣብዘለዎሉ ቦታንግዘን ኮይኑ ብመረዳእታ ዝተደገፈን ተኣማንነት ዘለዎን ከኸውን ኣለዎ።
_ ሃናፃይ ክኸውን ኣለዎ
_ ብእዋኑ ህፀፃት ንምዉጋድ ዝሕግዝ ክኸውን ኣለዎ ቅድሚ ምዝዛም እቲ ዝርርብ ነቶም ተሳተፍቲ ብዛዕባ ረብሓ ነቐፌታ ሕቶ ይቀርበሎም። እዙይ ምግባር እቶም ዋሽኮ ዓቅሞም ንምጉልባት ዝሕግዝ ነፀብራቅ ወይከዓ ጥቆማ ካብ ማሕበረሰብ ክረኽቡን ይሕግዞም።

## 5.4 ፅግዕተኝነትን ዓርሰ ምኽኣልን

### 5.4.1 ናይ ሩባ ኮድ

ናይዚ ኮድ ዋና ዓላማ ብዛዕባ ፅግዕተኝነትን ዓርሰ ምኽኣልን ዝምልከት ሕቶ ብዕሊ ንምምልካት እዩ።
"ን"ደቂሰባት ወይስ "ምስ" ደቂሰባት ዝብሉ ሕቶታት ንምልዓል ይሕግዝ።

ሀ. ንተዋሳእቲ ትእዛዝ ንምሃብን እቲ ተዋስኦ ንምክንዋንን ዘድሊ ግዘ: 15 ደቒቓ
ለ. ዘድልዩ አቑሑት : ኣብ ምድሪ መስመር ንምስኣል ጠመኔ' ሓደ ፍሊፕ ቻርት ከም ደሴት ንምጥቃም' ከም መሰጋገሪ ድልድል ንምጥቃም 3 A4 መጠን ዘለዎም ወረቀታት ናብ 4 ምምቃል
ሐ. አቀማምጣ: እቲ ምርኢት ንምክትታል ምእንቲ ክሕግዞም ኩሎም ተሳተፍቲ ገፆም ናብቲ መድረኽ ጌሮም ጠጠው ይብሉ። ቃላት ብዘይምጥቃም እቲ ምርኢት ምክንዋን። በቲ ጠመኔ ነቲ ሩባ ዘርእዩ ክልተ መስመራት ምስኣል። እቲ መሰጋገሪ ድልድል ዘርኢ ቁርፅራፅ ወረቀትን ደሴት ዘማላኽት ፍሊፕ ቻርትን አቀምጥ።

ነቲ ሩባ ዝሳገሩ ዝመስሉ ክልተ ሰባት ኣብቲ ጭቃ እቲ ሩባ ብሓባር ጠጠው ይበሉ።ሳልሳይ ሰብ ናብጥቆኦም ይመፅእ እሞ ዝኽበዶም ነገር ከም ዘሎ ይግምት። ዋላኳ እቲ ሳልሳይ ሰብ በቲ መሰጋገሪ ድልድል ተጠቂሞም ክሳገሩ እንተመኸሮም እዞም 2 ሰባት ግን ስለዝፈርሑ በጀ ኣይበሉን። ድሕሪ እዚ እቲ ሳልሳይ ሰብ ነቶም ዝፈርሑ 2 ሰባት ሓዚሉ ከሳግሮም ይስማዕምዑ እሞ ኣብ ማእኸል እቲ ደሴት ምሰበፅሑ እቲ ዝሓዘለ ሰብ ይደክም ከዕርፍም ይግደድ። እቲ ሳልሳይ ሰብ ነቲ ዝቀረየ ሰብ ከሻግሮ ይምለስ እሞ ነገር ግን ከምቲ ቀዳማይ ሰብ ኣይሓዝልን ይብሎ። እካድኣስ ብኢዱ እናጎተተ ኣብተን መሰጋገርቲ ድልድላት እናረገፀ ክጎዓዝ ከምዘለዎ ይመኽሮ። ድሕሪ ፍርቂ መንገዲ ምጉዓዙ ዓርሱ ክኢሉ ክሳገር ከኣለ።እዞም 2 ሰባት ድሕሪ ምሽጋሮም ብሕሱም ዓብዪ ታሕጋሰ ነቲ ኣብቲ ማእኸል ደሴት ዘሎ ቀዳማይ ተሳጋሪ ሰብ ረሲዖም ብሓባር ምጉዓዝ ጀመሩ።እቲ ገና ዘይተሳገረ ሰብ ዋላኻ ናይ ሓግዙኒ ምልክት ንምርኣይ እንተሞከረ ትኹረት ክህብዎ ግን ኣይከኣሉን። ድሕሪ እዚ ምርኢት እቲ መተሓባበሪ ነዞም ተሳተፍቲ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ይቀርቡሎም።

1. ካብቲ ምርኢት እንታይ ተዓዚብኩም?
2. እዞም ክልተ ሰባት ንምሕጋዝ እምታይ ዝተፈላለዩ ሜላታት ምጥቃም ተኻኢሉ?
3. ሕድሕድ ተዋሳእቲ ኣየናይ ህልው ህይወት በተለይ ናይ ዋሽኮ ድርጊት የመላኽት?
4. ሕድሕድ ናይቲ ሩባ ኣንፈት ዘመላኽቶ ነገር እንታይ እዩ? ንምንታይ?
5. በየናይ መንገዲ ትምህርቲ ወይከዓ ናይ ልምዓት ፕሮጀክት ናይ ፅግዕተኝነት መንፈስ የዕቢ?
6. ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ንምዕባይ እንታይ ክግብር ኣለዎ?

እቲ መተሓባበሪ እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት የመሓላልፍ፡፡

- ኩሉ ማሕበረሰብ ካብ ተመሳሳሊ ፀገም ንምዉፃእ ጠንኪሮም ክሰርሑ ኣለዎም (ንኣብነት ግብሪ ኣከፋፍላን ኣጠቃቅማን' ዝማዕበለ ሽቃቅ ኣጠቃቅማን ኢድ መሕፀቢ ኣቁሑትን)
- ኩሉሻዕ ኣብ ናይ ካልኦት ሓገዝ ፅግዕተኛታት ምኻን እቲ ሓገዝ ኣብ ዝቛረፀሉ ግዘ ናብ ዝኸፍአ ፀገም ንዘይምዉዳቕ ምጥንቃቕ የድሊ (ንኣብነት ናይ ማይ ኣቅርቦት ፅገና' ሓፁርን ሓለዋን)
- ናብ ዝሓሸ ናይ ህይወት ምዕራፍ ንምሽግጋር ኩሉሻዕ ዓበይቲ ማሕልኻታት ከም ዘለዉ ምርዳእ የድሊ
- ስለዚ ኩሉሰበ ጠንካራ ዓርስኻ ናይ ምኽኣል ስምዒት ከዕቢ ኣለዎ በተለይ ከዓ ኣብ ዎሽን
- ካልኦት ናይ ልምዓት

## 5.5 ምፍጣር ምትእምማን

### 5.5.1 ለምምድ ፀወታ ድንሽ

እዚ ፀዋታ ኣብከምዚ ዓይነት ስልጠና ስመዒት ንምልዉዋጥን ብዛዕባ ሕድሕዶም ምስካልኦት ዘለዉዎም ዝምድናታት ብዘይጉዳዳእ መንገዲ እምነት ንምፍጣር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡፡

*ሀ/ መምርሒ ኣፀዋውታ ንምሃብን እቲ ፀወታ ግደኻ ምፅዋት ንምክያድ ዘድሊ ግዜ፡20 ደቓቓ፡፡*

*ለ/ኣድላዪ ማዉቲ፡መዓረ ብዝሒ/ዝበዝሑ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ፡፡*

*ሐ/ ኣቀማምጣ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ክቢ ሰሪሖም ይቕመጡ፡፡ ስዒቦም ዘለዉ ቅድመ ሰዓባት ተኸቲሎም ኣብቲ ግደኻ ናይ ምፅዋት ፀዎታ ልምምድ ይገብሩ፡፡*

- መሳለጥቲ ንተሳተፍቲ በታ ክሕዙን ሕድሕዶም ካቲ ዘምቢል ሓደ ሓደ ድንሽ ክሕዙ ንግበር፡፡ እቶም ድንሻት ብዘትኽኣለ መጠን መዓረ መጠን ክህልዎም ንግበር፡፡
- ተሳተፍቲ ዝሐዘዎም ድንሻት ብንቀቕ ከምርምሩ ንግበር፡፡ ነቶም ድንሻት ይዳህስዉም፣ የመልከቱዎምን ክበደቶም ይመዝኑ ካብ ካልኦት ዝፈልይዎም ነገራት የለልዩ፡፡ናይ መሳለጢ መምርሒ ተኸቲሎም ብዛዕባ ዝሃዝዎም ድንሻት ምስ ካልኦት የመያየጡ፣ ተዓሚቶም ካብ ሞንጎ እቶም ካልኦት ድንሻት ፈልዮም ከለልይዎም የሞክሩ፡፡
- ብፅመድ ብምኻን፣ ሓደ ይዕመት እቲ ካሊእ ክልቲኦም ድንሻት ይሕዝ፡፡ ኣቲ ዝተዓመተ ነታ ናህቱ ድንሽ ከለሊ ንግበር፡፡ ብተመሳሳሊ ምስ መፃምዲ ተራ ብምልዉዋጥ ንተግብር፡፡ እንደገና ነዚ ፀወታ 6 ኣባላት ኣብዝሓዘ ጉጅለ ንገም፡፡
- ሕዚ ኩሎም ተሳተፍቲ ክቢ ሰሪሖም ይቀመጡ፡፤ እቶም ድሻት ንኣክበም እሞ ብዘባን ተሳተፍቲ ካብ ኢድ ናብ ኢድ ክቀባበሉ ንግበር (ምሰቲ ናይ ምዕማት ፀዋታ ብተመሳሳሊ)፡፡ ተሳተፍቲ ካብቶም ብዝባኖም እናተቐባብሉ ዝሓለፉ ድንሻት ናይ ባዕሎም እንተለልዩ ቆላሕ ከይበሉ ምስ ባዕሎም

የትርፍዎም። ስዒቦም ዝመፁ ድንሻት እናተቐባበሉ ምሕላፎም ግን ክሳብ ኩሎም ተሳተፍቲ ድንሾም ሒዞም ዝዉድኡ ይቕፀሉ።

• መብዛህትኦም ተሳተፍቲ ድንሾምሒዞም እንተብቅዑ እቲ ፀዋታ ይፍፀም። መሳለጥቲ ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ብምቕራብ ተሳተፍቲ ክመያየጡ ንግበር።

- እቲ ድንሽ እንትንወስድ መጀመርያ እንታይ ተሰሚዑና?
- ናይ ባዕልናን ንምልላይ እንታይ ጌርና?
- ኣብቲ ፀዋታ ብሓፈሻ እንታይ ስምዒት ፈጢርና?
- ብዛዕባ ባዕልና እንታይ ተማሂርና?
- ብዛዕባ ምስካልኦት ዘለና ርክብና እንታይ ተማሂርና?
- እዚ ፀዋታ ኣብ ማሕበረስብ ሓቢርካ ብዛዕባ ምንባር ዝምልከት እንታይ የርእየና?
-

ኣብ ከይዲ እቲ ልምምድ ብዙሕ ዘዝናንን ዘስህቕን ነገራት ከጋጥም የኽእል። መሳለጥቲ ንተሳተፍቲ ከየተረደኦም ኣብ ልዕሊ ናይ ካልኦት ድልየታ ፅልዋ ከሕድሩ ከምዝኽእሉ የጠቁሙ። ስለዚ ብጉጅለ እንትንሰርሕ ናይ ካልኦት ድልየት ከይቃወም ክንጥንቕ ከም ዘለና ክንርዳእ ይግባእ።
መሳለጥቲ ተሳተፍቲ በምሕደራ ናቔጣ ማይ ብጉጅለ ክቕመጡን ብዛዕባ ምሕደራ ናቔጣ ማይ ዝምልከት ክልተ መሰረታዊ ፀገማት ንዐኦም ንምፍታሕ ዘኽእል ትልሚ ትግበራ ንኽዳልዉ ንሕተት ።

## 6 ቀሊል ዉሳነ ምሃብ

ሕድ ሕድ ጉጅለ ሽቶታቱ ንዕዋንት ቀፃሊ ዉሳነ ናይ ምሃብ ስራሕ ይሰርህ። ዓብዪ ዉሳነ፣ ንእሽተይ ዉሳነቀሊል ዉሳነ፣ ከቢድ ዉሳነ፣ ጥኽክለኛ ዉሳነ፣ ጌጋ ዉሳነ ክኾን ይኽእል ኮይኑ ግን ኩልግዜ ዉሳነ ኣሎ። ዉሳነ ምሃብ ቀፃሊን ኣባላት ጉጅለ ዋሽ ተሳትፎ ዝገብሩሉ እዩ። ዉሳነታት ዝወሃብሉ መንገዲ ኣባለት ዋሽ ኣብ ስራሕ ይኹን ኣብ ሂወት ንዝህልዎም ዉፍይነት ዓብዪ ፅለዋ ኣለዎ። ኣብዚ እቲ ኣባላት ዋሽ ክፍለጥዎ ዝግበኦም ቀንዲ ቁምነገር ኣቶም ተጠቀምቲ ማሕበረሰባት ኣብ ምሃብ ዉሳነ ዘለዎም ተራ ብዛዓበየ መጠን ነቲ ዉነ ኣብ ተግባ ንምሽራፍ ዝወስድዎ ሓላፍነት ዝላዓለ ከምዝኾን እዩ። ሓበረዊ ዉሳነ ንምሃብ ዘኽእል ምቹዉ ኩነታት እንተዘይሃልዩ ግን ማሕበረሰብ ዘይዕጉብነት ምህላዉ ኣይተርፍን፡ ፡ ስዚ መራሕቲ ኮሚቴ ዋሽን ካልኦት ኣባላት ማሕበረሰብን ኩሎም ኣባላት ዝመሃርሉ ተግባራዊ ዉሳነ ናይ ምሃብ ክእለት ከማዕብሉ ይግባእ።

ተሳተፍቲ ብዛዕባ ዉልቃዊ/ ግላዊ ወይ ሓበራዊ/ጉጅላዊ ተሞክሮታት ዉሳነ (ኣብነት ኣብ ኢድር፣ ዕቁብን ደቦን ዘመሳሰሉ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩ ትካላት ዝዉሰዱ ዉሳነታት) ክለዋወጡ ንገፍበር፡ መሳለጥቲ ዉነ ንመሃብ ዝሕግዙ እትዋትን ከምኡ እዉን ከጋጥሙዝኽእሉ ብድሆታ ብምሕባር ፅቡቕ ዉሳነ ከመይ ክወሃብ ከምዝኽእል ነረኢ።

## 6.1 ዉሳነ ኣወሃህባ መንገድታት

### 1. ደዉታዋ ዉሳነ

እዚ ዓይነት ዉሳነ እቲ ጉጅለ ዉሳነ ካብ ምሃብ ንምዕቃብ እንትዉስነ እዩ። “ዉሳነ ንዘይምሃ ምዕቃብ— ዉሳነ እዩ።” ዝኾነ ኣካል ሓሳቡ ክህብ ይኽእል፣ ኮይኑ ግን ኣብ ዒላ ተደርብዮ ድምፂ ከይሰመዐ ከምዝሰጥም እምኒ፤ ነቲ ሓሳብ ኣቕልቦ ዝህቦ ሰብ የለን። እቲ ሓሰባ ዝሃበ ኣካል ተሃንጥዩ ነቲ ሓሳበ ንምሃብ ተለዓዒሉ ክነብር ይኽእል፤ ኮይኑ ግን በቲ ኣቕልቦ ዘይተዋሃቦ ምትራፍ ካብ ሓሳቡ ደዉታ ከርኢ ወይ ዉን ስዒቦም ዝመፁ ዉሳነታት ናይ ምቅዋም ዝነባለ ክህልዎ ይደፋፋእ።

### 2. ዉሳነ ዉልቀ ሰብ

እዚ ዓይነት ዉሳነ ብፍጥነት ዝዉሰድ እንተኾነ ደሓር ዉሳነ ናብ ተግበራ እንተሸረፍ ግን እቲ ዉሳነ ዝሃበ በይኑ ነቲ ተግባር ክፍፅም ይግደድ።

### 3. ርእሲ ምቕያር

ሓደ ሰብ ዉሳነ ናብ ምሃብ ገፅ በፂሑም ዝነበሩ ጉጀለ ከተዓናቖፍ ይኽእል። እቲ ዝቐርብ ሓሳብ ዘተኣሳሰረ ዋኒን እንተኾይኑ ቀዲሙ ዝተለዓለ ዋላ እኳ እነተኾነ እድል ክዋሀብ ይግባእ ኮይኑ ግን እቲ ሓሳብ ምስቲ ዝተለዓለ ርእሲ ዘይተኣሳሰር እንተኾይኑ ግን ነቲ ጉጅለ ዉሳነ ካብ ምዕራፍ ክዓግት ዕድል ክወሃበ ኣይግባእን።

### 4. ክምዝበሎ/ለቶ ዉሳነ

ሓደ ሰብ ሓሳብ እንህብ ከላኦት ንሱ ከምዝበሎ፣ ንሳ ዝሃበቶ “ይበል ዝበሃል ሓሳብ እዩ” እናተበሃለ ተወሳኺ ምይይጥ ከይተገበረ ኣብሓደ ርኢቶ ዝተመስረተ ዉሳነ እዩ። ከምዚኦም ዓይነታት ዉሳነታት ክግመት ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ተደጋጊሞምን ከየተተስተዉዐሉን ዝፍፀሙ እንትኾኑ ደሓር ዝጋወድ ጣዕሳ ዘስዕብ እዩ።

### 5. ዉሳነ ጉጅለ

እዚ ዓይነት ዉሳነ መንገዶም ንምምችቻዉ ኣቐዲሞም ዝትልሙ ዉሑዳት ኣባላት ዝሃዙ ጉጅለታት ዝወስድዎም ዉሳነታት እዮም። እዞም ጉጅለታት ካብ ካልኦት ዘሐሸ ዉዳበን ድልዉነትን ስለዘለዎም ብዙሕ እዋን ዕዉታት እንተኾኑ እኳ ብዙሕ እዋን እቲ ዉሳነ ኣብ ክንዲ ምትሕብባር ናይ ተወዳዳርነት ርክብ ክፍጠር ዝዕድሙ እዮም።

### 6. ዉሳነ ዉሑዳት

እዚኦም ዓይነት ዉሳነታት ከም ወሳነ ጉጅለ ብፍልጦን ብጥንቅቐቕን ዝዉስዱ ዘይኮኑስ ብተፅዕኖ ዉሑዳት ዓብለልቲ/ መላኺ ስብእና ዘለዎም ግለ ሰበት ዝወስዱ ዉሳነታትን ፀኒሖም ግን ኣብቲ ኣብዘሓ ስምዒት በዓለዋነት ዝጎድሎም ዉሳነታ እዮም።

**7. ዉሳነ ኣብዘሓ**

ኣብ ብዙሕ ቁፅሪ ኣባላት ዘለዎም ጉጅለታት እቲ ዉፂእታዊ ዓይነት ዉሳነ እዚ እዩ። ኮይኑ ግን እቶም ኣብቲ ዉሳነ ዘይተወከሉ ዉሑዳት ኣብ ምትግባር ተኣማንነት ኮግዱሉ ዕድለ ዝፈጥረ እዩ።

**8. ድምፂኣልባ ሰምምዕነታዊ ዉሳነ**

ገለ ጉጅለታት ኩሉ ክሰማምዕሉ ዝኽእል ሓሳብ ሒዘም የመፁ እዩም። እዚኦም ዓይነታት ዉሳነታት ፅቡቓት እንትኾኑ ምሉእ ንምሉእ ናብ ተግባር ንምሽራፍ ዉስነነት ዘስትዉዓሎም እዮም። ምኽንያቱ ከዓ ሓደ ሓደ ኣብዘሓ ዝሰማምዕሎም ዉሳነታት ዉሱናት ሰባት ዝሰማምዑ ንዘይምስምዕማዕ ዕድል እንትስእኑ ክኾን ሰለዝኽእል እዩ፡
፡

**9. ሰምምዕነታዊ ዉሳነ**

እዚ ዓይነት ዉሳነታት ድሕሪ ዝተፈላለዩ ናይ ብዙሓት ሓሳባት ምምይያጥ ናብ ሰምምዕነት ዝብፀሐሎም ሓሳበት ዉሳነ እዮም። ክህልዉ ዝኽእሉ ዘይሰምምዕነታትን ዉሑድነትን ብግልፂ ምይይጥ ይግበረሎም። እዚኦም ዓይነታት ዉሳነታት ቅድሚ ምዉሳኖም ስምዒት ነፃነትን ሓሳብካ ናይምግላፅ ጸበግሾን ዝፈጥር ሃዋህዉ ምህናፅ ኣገዳሲ ኮይኑ ሓድነትን ምትሕብባርን ዘበረታትዕ እዩ።እዚ ዓይነት ዉሳነ ናይ መራህቲ ትልሚ ዉይ ዉን ዉሳነ ሰሚዕኻ ምትግባር ዘይኮነስ ናይ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ሓሳባት ናይ ኩሉ ድልየት ብዝምልስ ብወሃደ ምልክዕ ዝግበር ዉሳነ እዩ። ከምዚ ዓይነት ዉሳነ ግዜ ወሳዲ እንተኾነ እካ፣ ብምሉእ ለቢ ዘዉሰደ ዉሳነ እዩ፡፤

## 6.2 ዉሳነ እብ ምሃብ ዘጋጥሙ ፈተነታት

**1. ንሰዕቤናት ዉፅኢታት ዉሰነ ምስጋእ**

ሓደ ሓደ እዋን ዉሳነታት ምክፍፋልን ዘይምስምምዕን ከስዕቡ የኽእሉ እዮም።

**2. ግጭት ዉግንና**

ሓደ ስብ ናይ ብዙሓት ዉዳበታት ኣባል እንትኾን ዉሳነ ኣብ ምዕራፍ ዉግንንኡ ነየነኦም ክኾዉን ከምዘለዎ ይፅገም። እዞም ግጭታት ክፈጥሩ ዝኽእሉ ጉዳያት ብግልፂ ናብ መድረኽ ወፂኦም ዝርርብ ክግበሮሎም ዘኽእል ሃዋህዉ ምፍጣር ፅገም ከይፈጠሩ ንምፍታሕ ዕድል ይህብ።

**3. ግጭት ኣብ ሞንጎ ሰባት**

ዝኾነ ይኹን በዝሒ ዘለዎ ዉዳበ ዉልቀ ኣፋላለያት ምህላዎም ኣይቐርን እዚ ከዓ ንምፍታዉ ወይ ዉን ንምፅላእ መበገሲ ክኾን ይኽእሉ ብተወሰኺ ሃናፂ ዉሳነ ኣብ ምዕራፍ ዓንቂ ክኾኑ ይኽእሉ። ብዙሕ እዋን ከምዚኦም ዘይምስናይት ዘምፅኡ ዘይምልከቶም ኣካላት እዮም።

### 4. ሕቡእ ኣጀንዳ

ሓደ ሰብ ንዉልቀ ዓላምኡ/ኣ ንካልኦት ኣባላት እቲ ጉጅለ ረብሓ ዘይብሉ ዉሳነ እዩ።

### 5. ጉድለት መሪሕነት

መራሒ ብምይይጥ ዘይኣምን ናይ ካልኦት ሓሳብ ንምቕባል ቅሩብ ዘይኮነ እንትቐሪ ፅቡቕ ዉሳነ ኣብ ምዕራፍ ኣሉታዊ ፅልዋ የሕድር። ወይዉን ዉሳነ ንምዕራፍ ዘኽእል ሓገዝ ክህብ ዘይኽእለ መራሒ እንትኾን ኣባላት ጉጅለ ዉሳነ ንምዕራፍ ይኸብዶም።

**ምዝዛም ስልጠና**

**ኣምበሳ ዝመርሖ ናይ በጊዕ ሰራዊት ንቢግዕ ዝመርሖ ናይ ኣምበሳ ሰራዊት ይስዕር!**

# 7 REFERENCES


CARE Women's Empowerment Framework. https://www.care.org/our-work/womensempowerment/ gender-integration/womens-empowerment-framework

Forum on Street Children Ethiopia, (Sep. 1997), Report on DELTA Training for Members of the Future Community Based Organization.

Leadership Styles. Handout for Leadership Training in the MoWE (Unpublished)

Listening Skills. www.ofor.org/.../Wolf%20Listening%20Skills%205-08%2025x%20so...

Ministry of Water, Irrigation and Electricity, COWASH (2009 E.C), WASHCO's Working Guideline (Amharic Version)

Ministry of Water, Irrigation and Electricity, COWASH (July 2016) WASHCO Performance and Gender: Case study on women's role and inclusion in water management through comparison of WASHCOs in three COWASH regions

University of Kent. How to Develop Leadership Skills. https://www.kent.ac.uk/careers/sk/leadership.htm

## ልጋብ X - 8 ክእለት መሪሕነትና ንምፍታሽ ዝሕግዙ ሕቶታት

**1. ካብ ትፅቢት ዝግበር ንላዕልን ሕልፍን ትኸድ/ዲ ዶ?**

- ትፅቢት ዝግበር ስራሕ ጥራሕ እሞ ካብኡ ንላዕልን ዘይምኻድ የሐጉሰካ/ኪ ዶ?
- ትፅቢት ካብ ዝግበር ንላዕሊ ንምኻድ ትፅዕር ዶ?
- ፕሮጀክትኻ/ኺ ዘምሐረ ንምግባር ብዙሕ እዋን ትወሰድ/ዲ?

**2. ትሰፍዉ/ዉቲ ዲኻ/ኺ?**

- መዐረ እቲ/ታ መራሒ/ሒት ተስፍዉ/ቲ ዲኻ/ኺ?
- ዘበለፅ ክትስርሕ/ሒ ንምኽኣልካ/ኪ ትጠራጠር/ሪ ዶ?
- አዕርኽትኻ/ኺ ዉይ መሳርሕትኸሽ/ሒ ዝበለፀ  ንክሰርሖ/ሓ ተበረታትዕ/ዒ ዶ?

**3. ንለዉጢ ድልዉ.ቲ ዲኻ/ኺ?**

- ካብ ዝተለመደ ብዘተፈለየ መልክዕ ንምስራሕ ድሉዉ ዲኻ/ኺ?
- ስራህትኻ/ኺ ኩሉግዜ ስርሑ ብዝነበሩሉ መንገዲ ጥራሕ ምስራህ ዶ ትመርፅ/ፂ ?
- ዘየተለመዱ ነገራት ንምሙካር  ቅሩብን  ድልዉን ዲኻ?
- ዝስዕብ አባህላ ብትኽከል ይገልፀካ/ኪ ዶ  : "ናይቲ ንፋስ ኣነፈት ክቕይር ኣይክእልንን ፣ ኣቀዛዝፋ ጀልባ ሂወተይ ግን ብኣንፈት እቲ ንፋስ ብምቕዛፍ ግን ኣብ መፃእየይ ክበፅሕ ከምዝኽእል ይኣምን  እየ።

**4. ወሳኒ/ት ዲኻ/ኺ?**

- ዉሳነ ንምዉሳን ትፅገም/ሚ ዶ ?
- ኣብ ዉሳነኻ/ኺ ትፅንዕ/ኢ ዶ?
- ዉሳነ ኣብ ትህበሉ/ብሉ እዋን   "ከምዚ ትኾነ ኸ"  ትብል/ሊ ዶ?
- ዉሳነኻ/ኺ ኣሉታዊ ዉፅኢት ክህልዎ ይኽእል ብምባል ትዳለዉ/ዊ ደ ?

**5. ታሓታትነት ትወስድ/ዲ ዶ?**

- ንነቐፌታ ድልዉ ዲኸኻ/ኸ?
- እንትትንቀፍ ናብ ካልኦት ተፀጋግዓዕ ዶ?
- ካብ ጌጋኻ ንክትመሃር ድሉዉ ዲኻ?

**6. ህንጠጡይ ዲኻ/ኺ?**

- ኣብ ኩሉ ስራሕኻ ልዑል ፃዕሪ ዶ ትገብር?
- ዋላ ነታ ዝ ነኣሰት እትበሃል ስራሕ እውን ብጥንቃቐን ብፅርየት ንምስራሕ ዶ ትፅዕር?

**7. ዉሽጣዊ ተለዓዓልነት ኣለካ/ኪ ዶ?**

- ትሰርሖ/ሕዮ ዘለኻ/ኺ  እቲ ትደልዮ ዓነት ስራሕ ድዩ? ንዋታዊ ድልት ድዮ ዌስ ፈቕቕሪ ስራሕ ዝመርሀካ/ኪ?
- ዓቕምኻ/ኺ ፀንቂቕ ዶ ትሰርሒ/ሕ?

**8. ንምምሃር ፍቕደና ዲኻ/ኺ?**

- ምስ መሳርህትኻ/ኺ ዝመጣጠን ብቕዓት ኣለካ/ኪ ዶ?
- ኩሉግዜ ተንብ/ቢ ዶ? በቢመዓልቱ ሓዱሽ ነገር ትሙክር/ሪ ዶ?
- ንምንባር ዘኽእል እኹል ፍልጠት ሒዘ እየ ዝብልል ስእምነት ኣለካኪ ዶ?